

ዕሸር
"ኣብ ቤተይ ምግቢ
ኪኸውንሲ፡ ዕሸር ዘበለ
ኩሉ ናብ ቤት መዝገብ
ኣምጽኡዎ፡ ሽዑ
መሳኹቲ ሰማይ እንተ
ዘይከፊተልኩም፡ በረኸት
ድማ ብዘይ ልክዕ እንተ
ዘይኣፍሲሰልኩም፡ በዚ
ተዓዘቡኒ፡ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት።"
ሚል 3:10

## ትሕዝቶ ገጽ

መእተዊ……………………………………………………………...1

ኣብ ሞንጎ ዕሽርን መባእን ዘሎ ፍልልይ……………..5

ዕሽር እንታይ እዩ፧………………………………………….6

ዕሽር ካበይ ንህብ፧………………………………………..14

ንምንታይ ዕሽር ምውጻእ ኣድለየ፧ ዝተዋጸአ ዕሽር'ከ ኣብ ምንታይ መዓላ ይውዕል፧………………………...17

ዕሽር ብምኽፋል እንታይ ረብሕ ይርከብ፧…………...20

ዕሽር መን የመሓድሮ፧…………………………………..23

ስለምንታይ ሰብ ናብ ዝተፈላለዩ ዓይነት ውልቃዊ ስጉምቲ ይኸይድ፧………………………………………...26

መባእን ዕሽርን ኣብ ምውጻእ እሙን ንምኳን እንታይ የድሊ፧…………………………………………………………27

መምዘኒ መባእን ዕሽርን ዘመሓድሩ ሰባት…………...33

ምውጻእ መባእን ዕሽርን ዚህበካ ትብዓት…………….36

# ዕሽር

## መእተዊ

ካብቲ እግዚኣብሄር ዝሃበና ተመሊስና ንእግዚኣብሄር ክንህብ ከምዘሎና መጽሓፍ ቅዱሳዊ ግዴታን ትእዛዝን እዩ። ብርግጽ ኣምላኽ ስኢኑስ ካባና ደልዩ ማለት ኣይኮነን። እንተ ዚደሊውን ኪሓተና ኣየድልዮን እዩ። ይኹን እምበር ነቶም ኣገልገልቱን ምርዳእ ንዜድልዮምን ንዕዮኡን ዚኸውን ህያብ ካብቲ ንህዝቡ ዚሃቦ ህያብ ኪዋጻእ ኣምላኽ በቲ ዘለኣለማዊ ምኽሩ ወዲእዎ እዩ። ስለዚ ንኣምላኽ ካብቲ ዝሃበና ተመሊስና ብዝተፈላለየ መገዲ ክንህብ ንኽእል ኢና። ገለ ካብዚኣቶም ንምጥቃስ፡

**መብጽዓ**፡ - ሰብ ካብ እግዚኣብሄር በረኸት ምእንቲ ኪረክብ ይመባጻዕ፡ ወይ ድማ ድሌቱ ምስ ዚረክብ ካብ ታሕጓሱ ዝተላዕለ ንእግዚኣብሄር ሓደ ነገር ኺገብር ይመባጻዕ። ይኹን እምበር መብጽዓ እቲ ሰብ ባዕሉ ብፍታዉ ዚገብሮ እምበር ንኽመባጻዕ ካብ ኣምላኽ ግዴታ የብሉን። ተመባጺዑ መብጽዕኡ ምስ ዚጠልም ግና ሓጢኣት ይኹኖ። ስለ ዚኾነ ከኣ እዩ ኣምላኽ ንሰብ ተሃዊኹ ከይመባጻዕ ዘጠንቀቖ (ዘሁ 21፡1-3፣ ዘዳ 23፡21-23፣ መክ 5፡4-5፣ ግብ 21፡23-24፣ 1ሳሙ 1፡11)።

**መባእ**፡ - መባእ ንኣምላኽ ዚቐርብ ወፈያ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ንዚተፈላለየ መዓላ ዚውዕል መባእ ኬቕርብ ግዴታ ኣለዎ። እቲ ዚቐርብ መባእ ድማ ብፍታው ልብን ካብ ንጹህ ልቢ ዚመንጨወን ኪኸውን ይድለ። መባእ ልክዕ ከም ዕሽር ናብ ቤት ኣምላኽ ኪመጽእ ዘለዎ ህያብ እምበር ቀጥታ ንድኻታት ዚውሃብ ኣይኰነን (ዘሁ 7፡12-17፣ 2ዜና 31፡10-11,14፣ ሚል 3፡8፣ ማቴ 5፡24)። ንምብጻሕን ካልእን ኣብ ንኣሽቱ ምትእኽኻባት ዚዋጻእ ገንዘብ ምስ መባእ ዚጽብጸብ ኣይኮነን።

**ምጽዋት**፡ - ምጽዋት ንሽጉራትን ድኻታትን ብፍቕርን ድንጋጸን ተደሪኽካ ዚወሃብ ገንዘብ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ካብቲ ዘለዎ ንስኡን ኬማቕል ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ። እታ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስቲያን'ውን ነዚ ተዘውትሮ ነይራ እያ (ዘዳ 15፡11፣ ግብ 11፡29፣ ሮሜ 15፡25-27፣ 2ቈረ

8፥3)። ምጽዋት ሰብ ከምቲ ልቡ ዚሓለኖ ከምቲ ነቲ ስኡን ከኣ ዜድልዮ ብፍቕርን ልግስን ይወሃብ እምበር ብዛዕባ ብዝሑን መጠኑን ውሱን ኣይኮነን (2ቈረ 9፥6-7፣ ሉቃ 3፥11፣ 1ዮሃ 3፥17-18)። ኣመንቲ፡ ምጽዋት ይኹን ካልእ ዚህቡ ዓስቢ ዘለዎ ትእዛዝ ኣምላኽ ብምዃኑን ንኣምላኽ ክብሪ ንምሃብን እዩ። ስለዚ ዕላማ ምጽዋት ከንቱ ከይከውን ልዑል ጥንቃቐ የድሊ። ገለ ካብቶም ንምጽዋት ከንቱ ዚገብሩ፡ ጽድቅኻ ምጽብጻብ፡ ናይ ሰብ ናእዳ ምድላይ፡ ንኻልኦት ምንዓቕ (ምዕባይ)፡ እቲ ዚድገፍ ሰብ ኣብ ክንዲ ናብ ኣምላኽ ናባኻ ከምዚጥምት ምግባርን ካብኡ ፍሉይ ክብሪ ምድላይን እዮም። ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ፈሪሳውያን ተመኵሮ ብምጥቃስ ኣመንቲ ካብ ሰባት ክብሪ ንምርካብ ከይምጽውቱ ኣብ ማቴ 6፥1-4 ኣዚዙ ኣሎ። ስለዚ ኣመንቲ ኣብ ዚምጽውትሉ ጊዜ መንፈሳዊ ሓላፍነቶም ምዃኑ ፈሊጦም ብትሕትናን ብፍቕርን ኪገብርዎ ይግብኦም።

<u>**በኸራት፡**</u> በኸሪ ማለት እቲ ቀዳማይ ካብ ሰብ፡ ካብ እንስሳ፡ ካብ ዚዘራእካዮ (ዚተኸልካዮ) እትረኽቦ ፍረ እዩ። በኸሪ ፍረ እቶትካ ንኣምላኽ ምሃብ ከኣ ኣምላኽ ኣብ ልብኻ ቀዳማይ ቦታ ሒዙ ከምዘሎ እዩ ዘመልክት። ***“ቀዳማይ በኸሪ ፍረ ምድርኻ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣምጽእ…” ዘጸ 23፥19።*** እዚ ትእዛዝ እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተዋህበ ትእዛዝ እዩ። ግናኸ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብዚ ናይ ጸጋ ዘመን’ውን፡ ከም ትእዛዝ እኳ እንተ ዘይኰነ፡ በቲ ንኣምላኽ ዘሎና ፍቕሪ ተደሪኽና እንተ ገበርናዮ ሰናይ እዩ። ሓደ ሓደ ኣሕዋት ናይ መጀመርታ ወርሒ ደመወዞም፡ እንተ ካብዚ ትእዛዝ እዚ ተላዒሎም እንተ መብጽዓ ስለ ዚነበሮም ይገብርዎ እዮም። እዚ ድማ ምስቲ “…ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኵሉ ድማ ኪውሰኸልኩም እዩ።” ዝብል ቃል ኣምላኽ ዝቃዶ እዩ እሞ ሰናይ ይገብሩ ኣለዉ።

# ዕሽር

**<u>ዕሽር</u>፡** - ዕሽር ዚብል ቃል ዓሰርተ ካብ ዚብል ቃል ዚወጸ ኰይኑ እቲ ቀንዲ ሓሳቡን ትርጕሙን ከአ ካብ ኵሉ ኣታዊታትካ ሓደ ዕስሪት (ዓስራይ ኣፍ) ወይ ድማ ዓሰርተ ሚእታዊት (10%) ኣውጺእካ ንእግዚኣብሄር ምሃብ እዩ።

ቀንዲ ኣተኵሮና ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ብዛዕባ ዕሽር ኰይኑ ምስኡ ዝተሓሓዙ ነጥብታት እውን ክንጠቅስ ኢና። እዚ ከኣ ትርጉሙ፡ ዕላማኡ፡ ምሕደራኡ ዚምልከት ምጡን መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓሳብ ዚህብ እዩ። እዚ ጽሑፍ እዚ ዝወጸሉ ቀንዲ ምኽንያት ቤት ኣምላኽ ገንዘብ ስለዝወሓዳ ኣይኰነን። ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ ብዛዕባ እቲ እንተ ተኣዘዝናዮ በረኸት ዘስዕበልና ሸለል እንተበልናዮ ከኣ መርገም ዘምጽኣልና መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቅታትን ትእዛዛትን ግቡእ ፍልጠት ክህልወናን፡ ግጉይ ንዝኾነ ርድኢትናን ልምምዳትናን ብቓል እግዚኣብሄር ንምእራምን እዩ። በረኸት ኣብ ምእዛዝ ቃሉ እዩ ዘሎ እሞ ብኽፉት ልቢ ነንብቦ፡ ነጽንዖዮ ንተኣዘዞ ከኣ።

*“. . . ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተሓሎኻ፡ ብመገዱውን እንተ ኸድካስ፡ እግዚኣብሄር ከምቲ ዝመሓለልካ ንእኡ እተቐደሰ ህዝቢ ገይሩ ኪቘመካ እዩ።” ዘዳ 28፡1-9*

*“ብጥሪትካን ብኵሉ ቦኹሪ ፍርያትካን፡ <u>ንእግዚኣብሄር ኣኽብሮ</u>። ሽዑ ቘፋፍኻ ብብዝሒ ኺመልእ፡ መጽመቕኻ ኸኣ ብኹልዒ ወይኒ ኪቕጸጽ እዩ።” ምሳ 3፡9-10*

## ዕሽር

ዕሽር ዚብል ቃል ንመጀመርያ ጊዜ ኣብ ዘፍ 14፡13-14 ብንጹር ተጻሒፉ ንረኽቦ። ኣቦና ኣብርሃም ነቶም ንሎጥ፡ ወዲ ሓዉ፡ ዝማረኹ ነገስታት ስዒሩ፡ ዝተማረኽ ኵሉ ድማ ምስ ኣምለሰን ካልእ ምርኮ እውን ምስ ማረኸ፡ ካብ ኵሉ እቲ ዝማረኾ ዕሽር ንንጉስ ሳሌም (መልከጼዴቅ) ሃቦ። ኣብርሃም እዚ ብምግባሩ ብዙሕ ዚምህረና ሓቂ ኣሎ።

1. ኣቦና ኣብርሃም ብመንፈስ ዚመላለስ ናይ እምነት ኣቦ ስለ ዚነበረ ከምቲ ንመዓልቲ ጐይታ ብእምነት ዝርኣያ (ዮሃ 8፡56)፡ ስርዓትን ሕግን ዕሽር እውን ብመንፈስ ርእዩን ተረዲኡን ብእምነት ተኣዘዘ። ሎሚ ግና መብዛሕትና ነቲ ብንጹር ተጽሒፉ ዘሎ ሕጊ ኣምላኽ ምእዛዝ ክኸብደና ይርአ ኣሎ።
2. እቲ ካልኣይ እንመሃሮ ሓሳብ ድማ፡ ኣብርሃም ዓወት ዚሃቦ ቅልጽሙ ዘይኰነስ፡ እግዚኣብሄር ጥራይ ምዃኑ ተረዲኡ ብመገዲ ዕሽር ኣቢሉ ንኣምላኽ ክብሪ ከም ዚሃቦ እዩ።
3. እቲ ሳልሳይ ከኣ ኣቦና ኣብርሃም ንኣምላኽ ዚነበሮ ፍቕሪ፡ ፍርሃትን ተኣዛዝነትን ዕሽር ብምሃብ ከም ዝገለጸ እዩ። በዝን ካልእን ንኣምላኽ ምእዛዙን ምፍርሁን ድማ ኣቦ እምነት ኣቦ ኵሉ በረኸትን ክኸውን ኣኽኢልዎ።

ድሒሩ ከም እንርእዮ እምበኣር ዕሽር ምሃብ፡ ኵሉ እቲ ዘሎካ ኣምላኽ ከም ዚሃበካ፡ ብዘይ ናቱ ምሕረትን ደገፍን ሓንቲ እኳ ክትገብር ከም ዘይትኽእል ተረዲእካን ፈሊጥካን ኣሚንካን ብግብሪ ንኣምላኽ ክብሪ ምሃብ እዩ። ነዚ ሓሳብ እዚ ዝተረድኤ ኣቦና ያእቆብ ኣምላኽ ናብታ ተገዲዱ ዝወጻላ ቤት ኣቡኡ ምስ ዚመልሶ፡ ካብ ኵሉ እቶቱ ንኣምላኽ ዕሽር ኪህብ ምዃኑ መብጽዓ ኣተወ (ዘፍ 28፡22)።

## ኣብ ሞንጎ ዕሽርን መባእን ዘሎ ፍልልይ

ዕሽር ከምቲ ቃሉ ገሊጽዎ ዘሎ መጠኑ ፍሉጥ ኰይኑ ካብ ኵሉ እቶትካ ዓሰርተ ሚእታዊት ንእግዚኣብሄር ትህቦ ማለት እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዓሰርተ ሚእታዊት ካብ እቶትና ናትና ዘይኮነን ባዕልና ከነመሓድሮ ዘይተፈቐደልናን እዩ። መባእ ግን ከምቲ ኣምላኽ ዝሃበና ትሕዝቶን ልብና ዘንቀዶን እንህቦ ህያብ ኮይኑ መጠኑ ውሱን ዘይኰነ እዩ። ይኹን እምበር መባእውን ንቤት እግዚኣብሄር እነረክቦ እምበር ባዕልና እነመሓድሮ ኣይኰነን። "ንደቂ እስራኤል መባእ <u>ኪህቡኒ ተዛረቦም፡</u> እቲ መባኦም ከኣ ካብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብልቡ <u>ክህብ ዝፈተወ</u> ውሰዱ" (ዘጽ 25፡1-3)። መባእ ምውጻእ ልብና እንተ ኣንቂዱ እንገብሮ፡ እንተ ዘይኰነ ንገድፎ ኣገልግሎት ግና ኣይኰነን፡ ፍታው ልቢ ንመጠኑ እዩ ዚገልጽ። ናይ ፍታው ኣገልግሎት ጥራይ እንተ ዚኸውን ነይሩ እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ***"መባእን ዕሽርን ሰሪቕኩምኒ"*** ኣይምበሎምን ነይሩ። ኣመንቲ መባእ ምውጻእ ግዴታ ከም ዘለዎም ስለ ዚዝንግዕዎ ኣብዚ ጊዜ እዚ ከምቲ ዚግባእ ሞባእ ንምውጻእ ኣይተግሁን። እንተ ኣውጽኡ'ውን ናይ መብዛሕትኦም ካብ ሰናቲም ወይ ኣቕራሽ ዝበዝሕ ኣይከውንን እዩ። እዚ ብዛዕባ መባእ ዘሎ ትሑት ፍልጠት ንመብዛሕትኡ ክርስቲያን ሽሩፍ እንተ ዘይብሉ መባእ ከም ዘይህብ ገይርዎ ይርከብ። ደቂ እስራኤል ግን ልዕሊ ዕሽር፡ መባእ ብምውጻእ ኢዮም ኣገልገልቶም ዚምግቡን ቤት ኣምላኾም ዚሃንጹን ዝነበሩ። ኣብ 2ዜና 31፡9-10 ነዚ ሓሳብ እዚ ጽቡቕ ገይሩ እዩ ዜብርሆ።

> *"ህዝቅያስ ድማ ነቶም ካህናትን ሌዋውያንን ብዛዕባ እቲ ኹምራታት ሓተቶም፡ ሽዑ.... ኣዛርያ ሊቀ ካህናት ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፡ እቲ መባእ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ምእታው ካብ ዚጀምር ሒዝና ክሳዕ እንጽግብ ንበልዕ ነበርና፡ ብዙሕ ከኣ ኣትረፍና። እግዚኣብሄር ንህዝቡ ባሪኽዎ እዩ እሞ፡ እቲ ተሪፉ ዘሎ እዚ ድልቢ እዩ።"*

ንኣምላኽ ዘሎና ፍቕርን ንዕዮኡ ዘሎና ቅንኣትን ከኣ ካብ ብዕሽር ብመባእ

እንገልጸሉ ይዓቢ፡ ምኽንያቱ መባእ ልዕሊ ዕሽር ፍታው ልብና ስለዝገልጽ።

## ዕሽር እንታይ እዩ!

### ሀ. ዕሽር ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ

ዕሽር ብመንፈስ ነቶም ቀዳሞት ኣቦታት ዚተነግሮምን ዚገብርዎን ስርዓት እኳ እንተነበረ፡ ብንጹር ከም ትእዛዝ ኰይኑ ዚተዋህበ ግና ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ድሕሪ ምውጻኦም ኣብ ከረና ሲና ብኢድ ባርያኡ ሙሴ ኣቢሉ ነበረ። ማለት ዓሰርተ ሚእታዊት ካብ ኵሉ እቶቶም ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኬምጽኡ ኣዚዝዎም።

> *"ካብቲ በብዓመት፡ ካብ ግራትካ ዚወጽ ኵሉ እቶት ዘርእኻ ዕሽር ኣውጽእ" (ዘዳ 14፡22)*

> *"ኵሉ ዕሽር ምድሪ ድማ፡ ካብ ዘርኢ ምድሪ ኹን፡ ካብ ፍረ ኦም ኰነ፡ ንሱ ናይ እግዚኣብሄር እዩ፡ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ እዩ። . . . ዕሽር ኵሉ ኣሓን ጤለ በጊዕን፡ ዕሽር እቲ ብትሕቲ በትሪ ዚሓልፍ ኵሉ፡ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ ይኹን።" (ዘሌ 27፡30-32)*

ትእዛዝ (ሕጊ) እግዚኣብሄር ድማ ከምቲ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ "ኣጸቢቐ ኪሕሎስ ትእዛዛትካ ኣዘዝካ" ዚበሎ፡ ሸለል ከይበልና ከነተግብሮ እዩ ዘሎና። ዕሽር ናይ እግዚኣብሄር እዩ፡ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ እዩ ኪብል ከሎ፡ ዝኾነ ኣማኒ ባዕሉ ኪጥቀመሉ ከም ዘይብሉ፡ ዘይናቱ ምዃኑ ፈሊጡ ናብቲ ዋናኡ ዚኾነ እግዚኣብሄር (ናብ ቤት እግዚኣብሄር) ከረክቦ ከም ዘለዎ እዩ ዚምህረና።

## ለ. ዕሽር ንኣምላኽ ዘሎካ ኣኽብሮትን ፍርሃትን እትገልጸሉ ትእዛዝ እዩ

ብዘይ ምድንጓይ ብቕንዕና ካብቲ ዝረኸብናዮ ኣታዊ ብፍታው ዝግብኣና ግብሪ ክንከፍል ከሎና ንህዝብናን ንመንግስትናን ዘሎና ፍቕርን ኣኽብሮትን ኢና እንገልጽ ዘሎና። ካብቲ እግዚኣብሄር ምሕረቱ ኣብዚሑልና ብዝተፈላለየ መገድታት ዝረኸብናዮ ኵሉ እቶትና ብፍታውና ዕሽር ናብ ቤት እግዚኣብሄር ምምጻእና ድማ ንእግዚኣብሄር ዘሎና ኣኽብሮትን ፍርሃትን እዩ ዚገልጽ። መብዛሕትኡ ጊዜ ትሕዝቶና ሒዝና ናብ ሰባት እንኸይድ እቲ ሰብ ስለ ዝሰኣነ ዘይኰነስ፡ ኣብ ልብና ንዕኡ ዘሎና ተቐባልነትን ኣኽብሮትን ንምግላጽ እዩ። ሓደ ካብቲ ንኣምላኽ ዘሎና ኣኽብሮትን ፍርሃትን እንገልጸሉ መገዲ ድማ ሞባእን ዕሽርን ብምሃብ እዩ። ስለዚ ከኣ ቃሉ ከምዚ ይብለና፡

> *“ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምፍራህ ወርትግ ምእንቲ ክትመሃርሲ ነቲ ዕሽር ስርናይካን ወይንኻን ዘይትኻን በዅሪ ኣሓኻን፡ ኣባጊዕካን ኣብታ ንማሕደር ስሙ ዚሓረያ ቦታ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብልዓዮ”* (ዘዳ 14፡22-24)

ኣብዚ ጥቕሲ ተገሊጹ ከም ዘሎ እቲ ዕሽር ዜውጽእ ዘሎ ሰብ ባዕሉ እዩ ኪበልዖ ተፈቒድሉ። እግዚኣብሄር ንመስዋእቲ ኣሕርዮ ኣይበሎን፡ ወይውን ድሓር ከም እንርእዮ ንኣገልገልቲ ይኹን ኣይበለን። እዚ ማለት ንዚኣከብካዮ ዕሽር ክሳዕ ዚውዳእ ኣብ ቤት ኣምላኽ ኮፍ ኢልካ ብልዓዮ ማለት ከም ዘይኰነ፡ ዕሽር ነቶም እግዚኣብሄር ዚርስቶም ሌዋውያንን፡ ገለ ዘይብሎም መበለታት፡ ዘኽታማትን ድኻታትን ብኣገልገልቲ ኣምላኽ ከም ዚወሃብ ጸኒሕና ክንርእዮ ኢና። ብኣእምሮ ክትርእዮ ከሎኻ ብዙሕ ትርጕም ዚህብ ስለ ዘይመስል ሽለል ክትብሎ እዩ ዝደፋፍኣካ። እቲ እግዚኣብሄር ዚኣዘዞ፡ እስራኤል ንዕሽሩ ኣብታ ንማሕደር ስሙ ዝሓረያ

ቦታ ኣብ ቅድሚኡ ንኺብልየ እዩ። እቲ ዕላማ ድማ እስራኤል ንእግዚኣብሄር ምፍራህ ወርትግ ምእንቲ ኪመሃር ከምኡውን ብምእዛዙ ንእግዚኣብሄር ምእንቲ ኬኽብሮ እዩ። እግዚኣብሄር መባእን ዕሽርን ምውጻእ ንእኡ ዘሎና ኣኽብሮትን ፍርሃትን ንምምዛን ዝጥቀመሉ ስርዓት ድማ እዩ። ካብ ኣታዊኻ ዕሽር ምውጻእ እምበኣር ፍርሃት እግዚኣብሄር እትመሃረሉ ስርዓት ኣምላኽ እዩ። ክርስቲያን ብዝመሰሎ ዘይኰነስ ብቓል ኣምላኽ እዩ ክምራሕ ዝግባእ።

> *"ብጥሪትካን ብኹሉ ቦኹሪ ፍርያትካን፡ <u>ንእግዚኣብሄር ኣኽብሮ</u>። ሽዑ ቖፋፍኻ ብብዝሒ ኺመልእ፡ መጽመቝኻ ሽኣ ብኹልዒ ወይኒ ኪቕጽጽ እዩ።" ምሳ 3፡9-10*

## ሐ. ዕሽር ንእግዚኣብሄር ዝቐርብ መስዋእቲ እዩ

ሰብ ንኣምላኹ ሓደ ነገር ምስ ዚህብ ወይ ምስ ዜሕርር፡ እቲ ነገር እቲ መስዋእቲ ወይ ቊርባን ይብሃል። እቲ መስዋእቲ ከከም ስርዓቱ ምስ ዚስዋእ፡ በብዓይነቱ ሓሳብ ኪገልጽ ይኽእል። (ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መዝገበ ቃላት)። መስዋእቲ ካብ ምስዋእ ዚወጸ ቃል ኰይኑ መብዛሕትኡ ጊዜ ካብ ርኽሰት ንምንጻህ፡ ካብ በደልን ሓጢኣትን ይቕሬታ ንምርካብ ንምብጃውን፡ ናብ እግዚኣብሄር ዚውፈ ህይወታዊ ነገር እዩ። መስዋእቲ ማለት ንኽብሪ ኣምላኽ እትገብሮ ወይ እተቕርቦ ናይ ፍታው ህያብ፡ ወይ ኣብ ክንዲ ካልኦት እትኸፍሎ በጃነት ማለት'ውን እዩ። መስዋእቲ ሓንሳብ ምስ ከፈልካዮ ተመሊስካ ክትረኽቦ ዘይትሓስቦ ነገር እዩ። ስለዚ ከኣ መስዋእቲ ከተቕርብ ከሎኻ ምሉእ ምውፋይን ምቕባጽን ከምዘሎ ክንዝክር ይግባእ። ሞባእን ዕሽርን ከምቲ ዝግባእ ናብ ቤት ኣምላኽ ምምጻእ ንኣምላኽ መስዋእቲ ምቕራብ ወይ ምምላኽ እዩ።

> *"እቲ ደቂ እስራኤል ንእግዚኣብሄር <u>ንዚልዓል መስዋእቲ</u> ዚህብዎ ዕሽር ንሌዋውያን ርስቲ ሂበዮም እየ" (ዘሁ 18፡24)*

# ዕሽር

**ዕሽር ብነፍሲ ወከፍ ክርስቲያን ብጆካ እቲ እግዚኣብሄር ዚህቦ በረኸት፡ ካብታ ቤተ ክርስቲያን ወይ ካብ ሰብ፡ ኣምሳይኡ ገለ ጻማ ከይተጸበየ ንኽብሪ ኣምላኽን ንጥቕሚ ካልኦት ሰባትን ብእምነት ኪቐርብ ዘለዎ መስዋእቲ እዩ። ዕሽር ንዓና ዝምልከት ኣታዊ ስለ ዘይኮነ ንእግዚኣብሄር ዝተቐደሰ ጌርና ከነቕርቦ ዘሎና መስዋእቲ እዩ። እግዚኣብሄር ነቶም ብዕሽር እሙናት ዘይኮኑ ደቂ እስራኤል፡**

> *"… ንስኻትኩም ግና ሰሪቕኩምኒ። ብምንታይ እሞ ኢና ዝሰረቕናካ፧ ክአ ትብሉ። ብዕሽርን ብመባእን ኢኹም።" (ሚል 3፡8)*

**ክብል ገኒሕዎም። ኣምላኽ ንሕና ብነቕርቦ ናይ መባእን ዕሽርን መስዋእቲ ዚሕጐስን ዚኽብርን ካብ ኮነ፡ በዚ ኣገልግሎት እዚ ኵሉ ጊዜ እሙናት ክንከውን ይግባእ። ኣምላኽ ሰብ ብዘቕርቦ መስዋእቲ ክሳብ ክንደይ ባህ ከም ዚብሎን ንሰብ ድማ መሳኹቲ በረኸት ከም ዚኸፍተሉን ካብ ብዙሓት ናይ ኣምላኽ ሰባት እንመሃሮ ሓቂ እዩ። ንኣብነት ኖህ ብዘቕረቦ መስዋእቲ፡ ኣምላኽ ብልቡ ኣዚዩ ተሓጒሰን ባህ በሎን። ንኖህን ንዘርኡን ነዛ ሕጂ እንነብረላ ዘሎና ምድርን ድማ ብዜደንቕ ተስፋ ባረኾም፡ ዘይልወጥ ኪዳን ድማ ኣትይሎም** (ዘፍ 8፡20-22)**። እዚ ማለት ግን እቲ ካብ ንጹህን ቅኑዕን ፍታው ዘለዎን ልቢ ዝቐርብ መስዋእቲ እምበር እግዚኣብሄር ንመስዋእቲ ልዕሊ ምሕረትን እምነትን ይሰርዖ እዩ ማለት ኣይኰነን። ገሊኡ ሰብ ዕሽር ብምሃብ እሙን ክኸውን ይኽእል እዩ። ንጐይታ ብገንዘበይ እየ ዘገልግሎ ክብልውን ይኽእል እዩ። ህይወቱ ንጐይታ ዘይሃበ መንፈሳውነት ዘይብሉን እንተኾይኑ ግን ንእግዚኣብሄር ባህ ኣየብሎን እዩ።** ***"ኣቱም ግቡዛት ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን፡ ካብ ጨና ኣዳም፡ ካብ ሽላን፡ ካብ ካሙን ዕሽር ተውጽኡ፡ እቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ዋና ነገር፡ ፍርዲ፡ ምሕረት፡ እምነት ግና ትሓድጉ***

*ኣሎኹም እሞ፡ ወይለኹም። እዚ ምግባር እቲውን ዘይምሕዳግ ይግባእ።”* (ማቴ 23፡23) ዝተባህለና ቃል ነቕልበሉ።

ኣብዚ እዋን እዚ ሓያሎ ክርስቲያናት ብዝተፈላለየ መገዲ ዕሽሮም እንተ ባዕሎም እንተ ብሰባት ናብ ቤተ ክርስቲያን የምጽኡ እዮም። ግናኸ ህይወቶም ምስ ዕሽሮም ኣይመጽእን እዩ። እዚ ማለት ብኣካል ኣየገልግሉን ኣይግልገሉን፡ ቤተ ክርስቲያን ህይወቶም ንኽትጓሲ ኣይፈቕዱላን፡ ካብ ዝኾነ መንፈሳዊ ንጥፈታትን ሕብረትን ገዛእ ርእሶም ኣግሊሎም ይርከቡ። እዚ ግና ጌጋ እዩ። እግዚኣብሄር ጊዜኦም፡ ስጋኦም፡ ገዛእ ህይወቶምን ኵለንተናኦምን ንእኡ ካብ ዘግዝኡን ዝሰውኡን ሰባት ጥራይ እዩ ባህ ኢልዎ መስዋእቲ ዚቕበል። እግዚኣብሄር ንዓና ባህ ኢልዎ ምስ ረኣየ እዩ ንመስዋእትና ዚርኢ። እግዚኣብሄር ጠሚቱ ንመስዋእትና ኪረኽቦ ንዓና ግን ኪስእነና ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ። “… እግዚኣብሄር ድማ ናብ ኣቤልን ናብ መስዋእቱን ባህ ኢልዎ ረኣየ። ናብ ቃየልን ናብ መስዋእቱን ግና ባህ ኢልዎ ኣይረኣየን።…” (ዘፍ 4-5)። ንመምሃሪ ሓደ ታሪኽ ካብ ዘጽ 33፡1-16 ክንርኢ። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ እግዚኣብሄር ብምኽንያት ትሪ ልቦም ንደቂ እስራኤል ምእንቲ ከየጥፍኦም ምስኦም ከም ዘይከይድ፡ ይዛረብ። ግናኸ መልኣኹ ልኢኹ ነቶም ዚፈርህዎም ጸላእቶም ስዒሩ፡ ነታ ዝናፍቕዋ ምድሪ ከንኣን ድማ ከም ዘውርሶም ገለጸሎም። ሙሴ ግና ነዚ ሓሳብ እዚ ኣይተቐበሎን። ንእግዚኣብሄር ድማ፡ ቅድም ባዕሉ እግዚኣብሄር እምበር ናቱ ህያብ ጥራይ ከም ዘየድልዮ፡ ካብ ካልኦት ህዝብታት ዝፈልዮም ድማ ህላውነት ኣምላኽ ምስኦም እምበር ውህበት ኣምላኽ ከም ዘይኰነ ገሊጹ ነገሮ። እቲ ኣምላኽ ዚደልዮ ሓቂ ንሱ ስለዝነበረ ድማ እግዚኣብሄር ጸሎቱ ሰሚዑ ምስ ደቂ እስራኤል ኪኸይድ እንከሎ ንርኢ። ስለዚ ንዓና ቅድሚ እቲ ናይ ኣምላኽ ህያብ፡ ኣምላኽ ባዕሉ ከም ዘድልየና፡ ንኣምላኽ ድማ ንቕድም ህይወትና እምበር መስዋእትና ኣይኰነን ዘድልዮ። እግዚኣብሄር ንጻድቕን ንሓጥያተኛን ህያቡ ኣይከልእን እዩ። ንሱ ንኹሉ ጸሓይ ከም ዘብርቕ ዝናብ ድማ ከም ዘዝንብ ተዛሪቡ ኣሎ (ማቴ 5፡44-45)። ግናኸ

በቲ ሓጢኣተኛ ይሕጕስ እዩ ማለት ኣይኰነን። ሃቡ ክወሃበኩም ጽሑፍ ስለዝኾነ ዕሽር ብምሃብና ጥራይ ክንባረኽ ንኽእል ኢና። እግዚኣብሄር ንመስዋእትና ተቐቢልዎ ማለት ግና ኣየስምዕን እዩ። ገዛእ ርእስና ከይወፌና መስዋእቲ ምቕራብ ካብቶም ዘይኣመንቲ ዘቕርብዎ መስዋእቲ ዚፍለ ኣይኰነን። ማዕዳ ሃዋርያ ጳውሎስ ነቕልበሉ፡ “እምበኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላኽ እምዕደኩም ኣሎኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ።” (ሮሜ 12፡1-2)።

*እግዚኣብሄር ጊዜኦም፡ ሲጋኦም፡ ገዛእ ህይወቶምን ኵለንተናኦምን ንእኡ ካብ ዘግዝኡን ዝሰውኡን ሰባት ጥራይ እዩ ባህ ኢልዎ መስዋእቲ ዚቕበል። እግዚኣብሄር ንዓና ባህ ኢልዎ ምስ ረኣየ እዩ ንመስዋእትና ዚርኢ። እግዚኣብሄር ጠሚቱ ንመስዋእትና ኪረኽቦ ንዓና ግን ኪስእነና ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ።*

## መ. ዕሽር መግለጺ ንኣምላኽ ዘሎካ ፍቕሪ እዩ

ኣቐዲምና ዕሽር ናብ ቤት ኣምላኽ ከነምጽኦ ዘሎና ዘይናትና ኣታዊ ምዃኑ፡ ዕሽር ከነዋጽእ ድማ ትእዛዝ ከም ዚኾነ ርኢና ነይርና። እዚ ማለት ግና ፍቕሪ ኣምላኽ ደሪኹና እምበር ተገዲድና ከይፈተና ዕሽር

ከነዋጽእ ኣሎና ማለት ኣይኮነን። ፍቕሪ ትህብ እምበር ናታ እኳ ኣይትደልን እያ። ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ እዩ ዚፈቱ። ክርስቶስ ኢየሱስ ስለ ዘፍቀረና እዩ በጃና ህይወቱ ሂቡ። ኣምላኽ ኵሉ ኣብ ኢዱ እዩ። ሰማይን ምድርን ኣብ ኢዱ ዝኾነ ኣምላኽ ዝጨንቖን ዝሰኣኖን ከም ዘየለ ዝተሰወረ ነገር ኣይኮነን።

> *". . . ኣነ ካብ ገዛኻ ዝራብዓት፡ ካብ ደምቤኻውን ዲበላታት ኣይወስድን፡ ምድርን ምልኣታን ናተይ ኢያ እሞ፡ እንተ ዚጠሚ እኳ ኣይምነገርኩኻን፡" መዝ 50፡9-12)*

ሰብ በዓል ጸጋ ክነሱ ካብቲ ንሱ ዚድግፎ ድኻ ሰብ ህያብ ኪጽብ ኸሎ ብናይ ሰብ ኣተሓሳስባ ዕሽነት እዩ ዚመስል። ኣምላኽ ባዕሉ ካብ ዚሃበና እቶት ብዘይፍቓድና'ውን ክወስዶ እናኽኣለ ብፍቓድና ክንህቦ ክጽበየና ከሎ እምበኣር፡ ኣምላኽ ፍቕርና እዩ ዚደሊ ዘሎ። ምኽንያቱ ኣብ ምሃብን ምኽባልን ፍቕርን ምቅርራብን ይምዕብል እዩ። ዳዊት ነዚ ሓቂ ተረዲእዎ ስለ ዝነበረ ከምዚ ይብል፡

> *"ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ኵሉ እቲ ንቕዱስ ስምካ ቤት ክንሰርሓሉ ኢልና ኣዳሊናዮ ዘሎና ድልቢ፡ ካብ ኢድካ ዝመጸ እዩ። ኣታ ኣምላኸየ ንስኻ ልቢ ከም እትፍትን ቅንዕናውን ከም እትፈቱ እፈልጥ ኣሎኹ። ሕጂ ድማ እዚ ኣብዚ ዘሎ ህዝብኻ ፈትዩ ኬቕርበልካ ብሓጎስ ርእየ እየ" (1ዜና 29፡16-17)*

ዳዊት ዘሐጐሶ ነገር እቲ ህያብ ምብዝሑ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣምላኽ ኣብ ልቡን ልቢ ህዝቡን ቀዳማይ ቦታ ምሓዙ እዩ። ከምኡውን እቲ ህያብ ንቤት ኣምላኽ ካብ ዘለዎም ፍቕሪ ዝነቐለ ምንባሩ ኣገሪምዎ። ንኽንህብ ዝድርኽና ነገር ይፈላለ እዩ። ሓደ ሓደ ጊዜ ሰብ ብዓመጸ ንዝኣከቦ

# ዕሽር

እቶት ዕሽር ወይ መባእ ንቤት ኣምላኽ ኣብዚሑ ብምሃብ ንኣምላኽ ኬሐጕሶ ወይ ኪኽሕሶ ይፍትን እዩ። እዚ ግን ድርብ ሓጢኣት እዩ። ቀዳማይ ብዓመጻ ምእካቡ፡ ካልኣይ ከኣ ንኣምላኽ ተቐባሊ ብዓመጻ ዝተኣከበ ሃብቲ ክትገብሮ ትፍትን ስለዘሎኻ። ንኽምዚ ዝበለ ሃብቲ፡ ጐይታ ናብ ዋናኡ ምለሶ ናትካ ኣምጽኣለይ እዩ ክብለካ እምበር ፈጺሙ ኣይሕጐሰልካን እዩ። ሓጢኣት ብንስሓ ብደም ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዝዓመጽ ብምምላስ እምበር ብዝሒ ህያብ ንሰብ ካብ ሓጥያቱ ኣየንጽሆን ኢዩ። ኣምላኽ ኣይጥበርን እዩ። በቲ ቅኑዕ መገዲ ጥራይ ድማ እዩ ክርከብ ዝኽእል። ድሕሪ ንስሓ ከም ናይ ዘኬዎስ ብዝሒ ህያብ እንተቐረበ ግና ምልክት ምምላስን መግለጺ ንኣምላኽ ዘሎካ ፍቕርን እዩ። ኣምላኽ በቲ እትህቦ ብዝሒ ወይ ዓቕን ዘይኮነስ በቲ ንኽትህብ ዝድርኸካ ኣብ ልብኻ ንእኡ ዘሎካ ብዝሒ ፍቕሪ እዩ ዚሕጐስ። ስለዚ ዕሽር ይኹን ካልእ ዓይነት ህያብ ናብ ቤት ኣምላኽ ከተቕርብ ከሎኻ፡ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ፡ *"ኵሉ ግብርኹም ብፍቕሪ ይገበር"* ዚበሎ፡ ንኣምላኽ ዘሎካ ፍቕርን ኣብኡ ዘሎካ እምነትን ጥራይ ክድርኸካ ይግብኦ። ከምኡ እንተዘይኰነ ግና፡ እቲ ዕላማ ህያብካ ከንቱ ይኸውን ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ ክንዲ ንበረኸት ንመርገም ምኽንያት ይኹነካ።

ልቢ ሰብ ኣዝዩ ጕራሕን ሕሱምን ካብ ምኳኑ እተላዕለ ንኽህብ ዚድርኾ ምኽንያታት ብዙሓት እዮም። ስለዚ ሰብ ንኣምላኽ ህያብ ኣብ ዜቕርበሉ ጊዜ ኣጸቢቑ ልቡ ኪምርምር የድልዮ። ኣብ ማቴ 23፡23 ጐይታ ንፈሪሳውያን ብዛዕባ ዕሽር ነቒፍዎም ኣሎ። ናብ ቤት ኣምላኽ ዕሽር ከምጽኡ ምኽኣሎም ዘንቅፎም ጉዳይ ኣይነበረን። እቲ ዕሽር ዝህብ ዘሎ ልቦም ዘይቕኑዕ ወይ ዘይጽሩይ ምንባሩ ግና ነቲ ዕሽር ምሃቦም ከንቱ ገይርዎ። ዕሽር ንፈሪሳውያን ኪፍጽምዎ ዚግብኦም ስርዓት ጥራይ ድኣ እምበር ካብ ንጹህ ልቢ፡ ንኣምላኽ ካብ ዘለዎም ፍቕሪ ኪኸውን ከም ዘለዎ የስተውዕልዎ ኣይነበሩን። እቲ ቀንዲ ዕላማ ዕሽር ምሃብ ጥራይ ኣይኰነን እሞ፡ ሰብ ንስለ ምሃብ ጥራሕ ዕሽር ኪህብ የብሉን። ዕሽር ንኣምላኽ ፍቕርና እንገልጸሉ መገዲ እዩ። ንኣምላኽ ብፍታው

ብሉጽ ህያብ ንምቕራብ ድማ ኣብ ልብኻ ዓሚቑ ፍቕሪ ኣምላኽ ክህልወካ የድሊ። እታ ክሳብ ሞት እሙን እትገብር ፍቕሪ ድማ ናይ ወደ መዝሙር መለለዪ እያ። ብዓቢኡ እቲ ቀዳማይ ዕላማ ክርስቲያን ንኣምላኽን ንሰብን ምፍቃር እዩ። ዕሽር ምሃብ ድማ ነዚ ቀንዲ ዕላማ እነተግብረሉ መገዲ እዩ።

## ዕሽር ካበይ ንህብ፧

ከምቲ ኣብ ዘሌ 27፡30-32 ዝረኣናዮ ቃል ኣምላኽ፡ እስራኤል ዕሽር ኬውጽእ ዘለዎ ካብ ኵሉ ኣታዊታቱ እዩ። እቶቱ ክሳብ ዝኾነ፡ ቃል ኣምላኽ ድማ ካብ ኵሉ እቶትካ ስለ ዚብል፡ ህዝቢ ኣምላኽ ዕሽር ዘይምልከቶ ኣታዊ ኪህልዎ ኣይክእልን እዩ። ሰሪሕካ ዝኣከብካዮ ይኹን ብመልክዕ ህያብ ዝረኸብካዮ እቶት፡ ዕሽር ከተውጽኣሉ ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ። ዓሰርተ ሚእታዊት ካብ እቶትና ዘይናትና ምዃኑ ደጊምና ክነስተውዕልን ክንርድኦን ዘሎና ሓቂ እዩ። ገለ ኣሕዋት ኬነባብሮም ዚኽእል እኹል ኣታዊ ስለ ዘይብሎም ቤት ኣምላኽ ካብቲ ዝተኣከበ መባእን ዕሽርን ደገፍ ኪትገብረሎም ንቡር ነገር እዩ። ሓደ ካብቲ ዕላማ ሞባእን ዕሽርን ምውጻእ ንስኡናት ንምድጋፍ ስለዝኾነ። ይኹን እምበር ዕሽር ንእግዚኣብሄር ዝተቐደሰ፡ ንኣምላኽ እነቕርቦ መስዋእቲ ስለ ዝኾነ፡ እዞም ከምዚ ዓይነት ሓገዝ ዚቕበሉውን እንተኾኑ ዕሽር ኬውጽኡ ይግደዱ እዮም። ቃል ኣምላኽ ድማ ካብ ዕሽር ዕሽር ክዋጻእ ከም ዘለዎ እዩ ዝምህረና።

> *"ንሌዋውያን ተዛረቦም፡ በሎም ከአ እቲ ካባታቶም ከም ርስትኹም ገይረ ዚሃብኩኹም ዕሽር ካብ ደቂ እስራኤል ምስ እትወስዱ፡ ካብቲ ዕሽርሲ ዕሽር ኣቕርቡ (ዘሁ 18፡26)*

መብዛሕትና ኣመንቲ ዕሽር ከነውጽኣሉ ከም ዘሎና እንዝንግዖ ኣታዊ

ብመልክዕ ህያብ ወይ ዓይነት ንዝረኽብናዮ ኣታዊ እዩ። ደቂ እስራኤል ቀሊቦም ኳስዮም ካብ ዘፍረይወን ጤለ በጊዕን ተኺሎም ኣዕብዮም ካብ ዝረኸብዎ ፍረን ዕሽር ኬውጽኡ ካብ ተኣዘዙ፡ ንሕና'ኸ ብነጻ ናይ ዝረኸብናዮ ንብረት ዕሽር ከነዋጽኣሉ'ዶ ኣይግብኣናን፧ ካብቲ ዝረኸብናዮ ከምዚ ዓይነት ኣታዊ ተሓጕስና ዕሽር ናብ ቤት ኣምላኽ ከነምጽእ ይግብኣና እዩ። ምኽንያቱ ብዓይነት ዝተረኽበ ኣታዊ ብገንዘብ እዩ ተዓዲጉ፡ ገንዘብ ወጻኢ ካብ ምግባር ድማ የድሕነካ። ከምኡውን ንዕኡ ሸይጥካ ገንዘብ ኪርከብ ይከኣል እዩ። እዚ ንመብዛሕትኡ ሰብ ኪሕድሶ ባህርያዊ እዩ። እዚ ድማ ንስርዓት ኣምላኽ ሸለል ስለ እንብሎን ንቓሉ ስለ ዘይንምርምሮን እምበር፡ ሰብ ብናጻ ካብ ዚረኸቦ ኣታዊ ዕሽር ኬውጽኣሉ ኣይግደድን እዩ ኣብ ዝብል መረዳእታ ስለ ዝበጻሕና ኣይኮነን።

ስለዚ ተማሃራይ ይኹን ሰራሕተኛ፡ ብደገፍ ይኹን ወይ ሰሪሑ ዚነብር ኵሉ ክርስቲያን ካብ ኵሉ ዚረኽቦ እቶት ዕሽር ኬውጽእ ስርዓት ወይ ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ። ብዓይነት ካብ ዚረከብናዮ ኣታዊ ዕሽር ከነዋጽእ ከሎና ብኸመይ ንትምኖ፧ ገንዘብ እንተ ዘይብልናኸ ዝብሉን ካልእን ሕቶታት ክልዓሉና ባህርያዊ እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ሓድሽ ኪዳን ናይ ጸጋ ዘመን ብምዃኑ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልብና ስለ ዘሎ ብዝርዝር ሕጊ ዘድልየና ኣይኰነን። በዚ ምኽንያት ድማ እዩ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብዛዕባ ዕሽር ብዙሕ ዘይተጻሕፈ። ከም ዘለዎ ክንህቦ ወይ ክንስውኦ ወይውን ካብኡ መቒልና ዕሽር ክንህበሉ ዘይንኽእል ነገር እንተኾይኑ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ክንብጀዎ እዩ ዝነግረና (ዘሌ 27፡30-31፣ ዘጽ 13፡13)። እቲ ምብጃው ብግምት ምዃኑ ኣይተርፎን እዩ። እቲ ግምትና ግና ካብ ሓቂ ዘይረሓቐ ክኸውን ኣለዎ። ንኣብነት ብመልክዕ ህያብ ፍርጅ ዝተቐበለ ሰብ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዋግኡ ከባቢ 25-30 ሽሕ ናቕፋ ኣቢሉ ይበጽሕ። ስለዚ እዚ ሰብ እዚ ሓደ ሽሕ ጥራይ ዕሽር ክህብ ወይ ከኣ 5 ሽሕ ዕሽር ከውጽእ ምኽኑይ ኣይኰነን። ካብ 2 ክሳብ 3 ሽሕ ግና ቅቡል መጠን ገንዘብ እዩ። በዚ ኰይኑ በቲ መብዛሕትኡ

እንረኽቦ ህያብ ኣብ ዕዳጋ ዝሽየጥ ስለ ዝኾነ ምግማቱ ዘጸግም ጉዳይ ኣይኮነን። እቲ ደጊምና ክንዝክሮ ዚግብኣና ግና ፍቕሪ ኣምላኽ ደሪኹና ካብ ኵሉ ኣታዊና መባእን ዕሽርን ከነውጽእ ከም ዘሎና እዩ።

ኣብዚ ጊዜ እዚ ካልእ ዝለዓል ሕቶ፡ ዕሽር፡ ቅድሚ ግብሪ ምኽፋልና'ዶ ወይስ ድሕሪ ግብሪ ምኽፋልና ኢና ከነውጽእ ዝግባእ፧ ዝብል እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ እዚ ብዙሕ ጊዜ ኣመንቲ ብሓሳብን ብተመኵሮን ይፈላለዩ እዮም። ገሊኦም ካብቲ ቅድሚ ግብሪ ምኽፋሉ ዘሎ ኣታዊኦም (Gross income) ዕሽር ከውጽኡ ከለው ገሊኦም ግና ካብቲ ድሕሪ ግብሪ ምኽፋሎም ዝረኽብዎ ኣታዊ (Net income) የውጽኡ። እቶም ካብ gross income ዘውጽኡ እቲ ርሂጽና ዝረኸብናዮ ንሱ ስለ ዝኾነ ካብ ግሮስ ኪኸውን ኣለዎ ይብሉ። እቶም ካብ net income ዝብሉ ድማ ካብ እቶትካ ስለ ዝብል ዕሽር ከነውጽኣሉ ዘሎና ኣታዊ ካብቲ ንዓና ዝምልከት ኣታዊ ክኸውን ኣለዎ ይብሉ። እቲ ካብ ኣታዊና ዝቖረጽ ብሓፈሻ ግብሪ ኢልና ንጸውዓዮ እምበር ገሊኡ ክፋል ግብሪ እዩ ገሊኡ ድማ ድሕሪ ዝተወሰነ ጊዜ ብመልክዕ ጥሮታ መሊሱ ዝወሃበና ገንዘብ እዩ። ገሊኡ ድማ ንሕክምና፡ ንማሕበራዊ ኣገልግሎት ወዘተ ዝኃድል እዩ። ስለዚ እቲ ካብ net income ዝኸፍል ዝነብረ ሰብ ኣብቲ ናይ ጥሮታ ጊዜ ዕሽር ክኸፍል ኣለዎ። ይኹን እምበር እቲ ፍልልዩ ብዙሕ ኣይኮነን፡ ብፍላይ ኣብ ቀዋሚ ደመወዝ ዘለዎም ሰራሕተኛታት። ከምቲ ኣቐዲሙ ዚተገለጸ ኣብዚ ናይ ጸጋ ዘመን ክርስቲያናት ካብ Gross income ዕሽር እንተ ኣውጽኡ'ውን ኣገልግሎት ይፋጠን እዩ እሞ ዝሓሸ ይገብሩ ከም ዘለዉ ከነስተውዕል ይግባእ። ድሕሪ ግብሪ ምኽፋል (ግብሪ መንግስቲ ጥራይ) ኪኸውን ከም ዘለዎ ግና ብዙሓት ዝሰማምዕሉ ሓሳብ እኳ እንተኾነ ነቲ ዝሃበና ኣምላኽ እምበር ንኻልእ ትካል ንህብ ስለ ዘየሎና ኣብ ደቂቕ ምጽብጻብ እንተ ዘይኣተና ይምረጽ።

## ንምንታይ ዕሽር ምውጻእ ኣድለየ፧ ዝተዋጸአ ዕሽር'ከ ኣብ ምንታይ መዓላ ይውዕል፧

### ሀ. ንዓየይቲ ብመነባብሮኦም ከይጠላለፉ ንምሕላይ

ኣፍ እቲ ዘኽይድ ብዕራይ ኣይትእሰር ጽሑፍ ስለ ዝኾነ፡ እቶም ኣገልገልቲ ወንጌል ብፍላይ ድማ እቶም ናይ ምሉእ ጊዜ ኣገልገልቲ፡ ካብቲ ወንጌል ዚበጽሖ ክርስቲያን ዝተዋጽአ ዕሽር ኪነባበሩ ቃል ኣምላኽ ፈቒድሎም ኣሎ። ኵሉ ጊዜኦምን ሓይሎምን ንቤት ኣምላኽ ስለ ዚወፈዩ፡ ቤቶም ንምእላይ ዚኸውን ኣታዊ የብሎምን። ስለዚ ከኣ ከም ኵሉ ሰብ ኪነብሩን ቤቶም ኬሰተናብሩን ቤት ኣምላኽ በቲ ንስጋኦም ዜድሊ ኪትሓልየሎም ግቡእ እዩ። ምንጪ ኣታዊ ቤት ኣምላኽ ድማ እቲ ካብ ነፍሲ ወከፍ ምእመን ዚዋጻእ መባእን ዕሽርን ካልእ ዓይነት ናይ ፍታው ህያብን እዩ።

> *"....ንደቂ ሌዊ ድማ ኣብ ክንዲ እቲ ኣገልግሎቶም ኣብ ድንኳን ምርኻብ ዜገልግልዎ ኣገልግሎት፡ እንሆ ኵሉ ዕሽር እስራኤል ንርስቲ ሂበዮም ኣለኹ" (ዘሁ 18፡21)*

ሎሚ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ግና ቤት ክርስቲያን ልዑል ጥንቃቐ ክትገብር ይግባእ። ምኽንያቱ ኣብ ዓለምና እንርእዮም ዘሎና ናይ ምሉእ ጊዜ ኣገልገልቲ ዚረኽብዎ ዘለዉ ኣታዊ መነባበሪ ዘይኩነስ መጋየጺ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። እዚ ድማ ኣዝዩ ዜተሓሳስብ እዩ። ምኽንያቱ ኣንጻር ጻውዒቶም ስለ ዝኹነ (ህዝ 34፤ 1ቈረ 9፡7-19)። ኣብቲ ዚረኽብዎ ኣታዊ ናጽነት ኣይሃልዎም ኣይኩነን እቲ ሓሳብ፡ ልዕሊ ንቡር ኪነብሩን ደድሕሪ ምዕባለ ዓለም (ፋሽን) ኪጕዩን ግና ቅቡል ኣይኩነን። ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ኣገልግሎት ከም መገባብሮ ረብሓን ምንጪ ስሱዕ ኣታዊ ኰይኑ ይርአ ብምህላው ጠንቂ ምፍልላይን ምክፍፋልን ይኸውን ኣሎ። ብፍቕሪ ኣምላኽን ነፍሳትን ተደሪኽካ ክንዲ ምግልጋል ንርኹስ ረብሓ (ንገንዘብ) ምግልጋል ገኒኑ ዝረኣየሉ ዘመን ኢና ዘሎና። ኣምልኾ መገባብሮ ረብሓ ኰይኑ ዝረኣየሉ ኵነት ዝፈጥሩ ከኣ ከምዚኦም ዝበሉ

“ኣገልገልቲ” እዮም። ስለዚ ቤተ ክርስቲያን ካብ ከምዚኦም ዝበሉ ስሱዓት ገዛእ ርእሳ ክትሕሉ ኣለዋ።

*ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ኣገልግሎት ከም መገባብሮ ረብሓን ምንጪ ስሱዕ ኣታዊ ኲይኑ ይርአ ብምህላው ጠንቂ ምፍልላይን ምክፍፋልን ይኸውን ኣሎ። ብፍቕሪ ኣምላኽን ነፍሳትን ተደሪኽካ ክንዲ ምግልጋል ንርኹስ ረብሓ (ንገንዘብ) ምግልጋል ገኒኑ ዝረኣየሉ ዘመን ኢና ዘሎና።*

ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ኪዝከር ዘለዎ ካልእ ጒዳይ ቤተ ክርስቲያን ኣገልገልቲ ኣብ ምቕጻር ልዑል ጥንቃቐ ከም ዘድልያ እዩ። እቲ ንምሉእ ጊዜ ኣገልግሎት ዝፍለ ሰብ፡ ብቐዓትን ጻውዒትን ከም ዘለዎ ምምርማር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ቤት ኣምላኽ ምግልጋል ካብቲ ካብ ካልእ ዚረኽቦ ናይ ስራሕ ዕድል ዝሓሸ ስለ ዝኾነ ወይ ካልእ ኣማራጺ ስለ ዝሰኣነ ከይኸውን ምስትብሃል የድሊ። ብሓፈሻ መባእን ዕሽርን ንዘይግብኦ ወይ ዘየፍሪ ሰብ ከይተውዕሎ ዜድሊ ምጽራያት ኪትገብር ሓላፍነታ እዩ። ምኽንያቱ ንገሊኣቶም ሰባት ኣምልኾ መገባብሮ ረብሓ ከም ዝኾነ ስለ ዚመስሎም (1ጢሞ 6፡4-5)።

## ለ. ንመበለታት፡ ዘኽታማትን ስደተኛታትን ንምድጋፍ

መበለት ማለት ሰብኣያ ብሞት ዝተፈለያ እሞ ዚሓሊ ዘይብላ ኪትከውን እንከላ፡ ዘኽታማት ማለት ድማ ብዘይ ኣቦን ኣደን ዝተረፉ ዚኣልዮም ዘይብሎም ህጻናት እዮም። እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኣምላኽ ኵሉ ስጋ ዝለበሰ ስለ ዚኾነ፡ እዞም ዝተጠቕሱ ሰባት ማዕረ እቶም ካልኦት ኪነብሩ ይደልዮም እዩ። ነዚ ድልየትን ዕላማን ኣምላኽ እተተግብር ድማ እታ ብደም ክርስቶስ እተጠርየት ኣብ ዓለም ዘላ ቤት ክርስቲያኑ እያ። እግዚኣብሄር ኣብ ቃሉ ደጋጊሙ ንመበለት ተጣበቐላ፡ ንዘኽታማት እለይዎም ኪብል ይእዝዝ። ከመይሲ፡ እዚኣቶም ብዝለዓለ ዚሸገሩን ዚግፍዑን ኣካላት ሕብረተሰብ ምዃኖም ኬዘክረና ስለ ዚደለየ እዩ።

> *"…..ዕሸር ኵሉ እቶትካ ኣውጺእካ ምስ ፈጸምካ፡ ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ በሊዖም ኪጸግቡስ፡ ንሌዋውን ንሰደተኛን ንዘኽታምን ሃቦም (ዘዳ 26፡12)። "ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣቦን ንጹህን ርኽሰት ዜብሉን ኣምልኾ እዚ እዩ፡ ርእስኻ ኻብ ርኽሰት ዓለም እናሓሎኻ፡ ንዘኽታማትን መበለታትን ኣብ መከራኦምን ጸበባኦምን ምብጻሕ እዩ።" (ያእ 1፡27)*

እምበኣር ቤት ኣምላኽ ንዝተዋጽአ መባእን ዕሸርን ንመበለታትን ንዘኽታማትን ኣብ ምድጋፍ ንዝኾነ ጽጉምን ከከም ኣድላይነቱ ክተውዕሎ ግዴታ ኣለዋ። እቶም መባእን ዕሸርን እነዋጽእ ዘሎና ድማ ብመገዲ ቤት ኣምላኽና ኣቢልና ንኣምላኽ ነገልግሎ ከም ዘሎና ክነስተውዕል ኣሎና።

## ሐ. ንቤት ኣምላኽ ዘድሊ መሳለጥያ መግዝኢ

ቤት ክርስቲያን ንኣምላኽ ወኪላ ኵሉ መንፈሳዊ ንጥፈታት ኽተካይድ ኣገልገልቲ ጥራይ ዘይኰኑስ ካብ ህንጻ ጀሚሩ ብዙሕ ገንዘብ ዚጠልብ መሳለጥያታት የድልይዋ እዮም። ስለዚ ኣመንቲ ዜውጽእዎ መባእን

*ዕሽርን ካልእ ዓይነት ናይ ፍታው ህያብን ኣብ ምስፋሕ ወንጌል ወሳኒ ተራ እዩ ዘለዎ። ገንዘብ ንኣገልግሎት ጐይታ ኣገዳስነት ስለ ዚነበሮ ኸአ ወንጌላዊ ሉቃስ፡ "….**ብገንዘበን ዜገልግላኦ ኻልኦት ብዙሓትውን ምስኡ ነበራ" ይብል (ሉቃ 8፡3)።** እምበኣርከስ እቲ ዕዮ ወንጌል ከምቲ ዚድለ ኪቕጽልን ኪሰፍሕን ክርስቲያናት ካብቲ ዝረኸብዎ እቶት መባእን ዕሽርን ብዘይምቍራጽ ናብ ቤት ኣምላኽ ኬምጽኡ ይግብእ።*

## *ዕሽር ብምኽፋል እንታይ ረብሕ ይርከብ፧*

### *ሀ. ትባረኽ ጸሎትካ ከኣ ይምለስ*

*ቃል ኣምላኽ ካብ ምቕባል ምሃብ ኣዝዩ ከም ዚባርኽ እዩ ዚምህረና። ኣብ ምእዛዝ ኵሉ ጊዜ በረኸት ኣሎ። ኣብ ዘይምእዛዝ ድማ ብኣንጻሩ መርገም ይስዕብ።*

> *"ሕራይ እንተ በልኩምን እንተ ተኣዘዝኩምንሲ፡ ጣዕሚ እታ ምድሪ ክትበልዑ ኢኹም። ግናኸ እንተ ኣቤኹምን እንተ ዓሎኹምን፡ ኣፍ እግዚኣብሄር ተዛሪባ እያ እሞ፡ ብሰይፊ ኽትወሓጡ ኢኹም።" (ኢሳ 1፡19-20)*

*እግዚኣብሄር ከም ንቓሉ ምእዛዝ ገይሩ ዜሕጕሶ ነገር የብሉን* (1ሳሙ 15፡22)*። ልቢ እግዚኣብሄር ምስ ተሓጐሰ ድማ ሰማያዊ በረኸት ይሰደልና።*

> *"ኣብ ቤተይ ምግቢ ኪኸውንሲ፡ ዕሽር ዘበለ ኵሉ ናብ ቤት መዝገብ ኣምጽእዎ፡ ሽዑ መሳኾቲ ሰማይ እንተ ዘይከፈተልኩም፡ በረኸት ድማ ብዘይ ልክዕ እንተ ዘይኣፍሲሰልኩም፡ በዚ ተዓዘቡኒ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።" (ሚል 3፡10)*

# ዕሽር

ሰማያት ብኽልተ ምኽንያት ይኽፈት፡ እቲ ሓደ ንስርዓት ኣምላኽ ብምእዛዝና፡ ንበረኸትና፡ እቲ ካልኣይ ድማ፡ ብኽፍኣትናን ንስርዓቱ ወይ ንቓሉ ብዘይምእዛዝናን ከምቲ ማይ ኣይሂ ብዘመን ኖህ ዝኾኖ ንጥፍኣትና እዩ። ስለዚ ንስርዓት እግዚኣብሄር ምእዛዝና ሰማያዊ በረኸት፡ ነባሪ ሰላም፡ ዘይጠፍእ ሓጐስ፡ ዜደንቕ ዓወት፡ ወዘተ ከምጽኣልና ይኽእል። ዓስቢ ዘይምእዛዝ ድማ ብኣንጻሩ ዘይምርግጋእ፡ ጭንቀት፡ ሰላም ምስኣን፡ ስግኣት፡ ክሳራ፡ ብዙሕ ጻዕሪ ሒደት እቶት ዚኣመሰሉ እዮም። ብመሰረት ቃል ኣምላኽ፡ መጠን ህይወትናን ክቡር ነገርና ንኣምላኽ ዝወፈና፡ ኣምላኽ ካብቲ ንእኡ ዝወፈናዮ ብዝተዓጻጸፈን ብዝኽበረን ይባርኸና (ዘዳ 14፡28-29)። እቲ ንእግዚኣብሄር ኪኸውን ዘለዎ እንተ ዘይሂብና ከምቲ ኣብ መክ 5፡11 ***"ጥሪት እንተ በዝሔ፡ በላዕቱ ይበዝሑ፡...."*** ዚብሎ በረኸትና ዘይኰነስ ጻዕርናን ወጻኢታትናን ኪበዝሕ ናይ ግድን እዩ። ካብ ስርዓት ኣምላኽ ዜግለሰ ክርስቲያን ኪባረኽ ኣይክእልን እዩ። ኣቦና ኣብርሃም ብእምነት ንይስሃቕ ምስ ሰውኦ እዩ ዘርኡ በዚሑ። ፍረ ስርናይ ናብ ምድሪ እንተ ዘይወደቐት በይና እያ እትነብር እሞ፡ ቅድሚ እቲ ንረብሓና ከነውዕሎ እንኽእል ኣታዊና እቲ ንኣምላኽ ዚግባእ በብሉጹ ንዕኡ ንሃቦ፡ ሽዑ ኣምላኽ ከም ቃሉ ብዘይ ልክዕ ክባርኸና ከሎ ክንርእዮ እና።

*ሰማያት ብኽልተ ምኽንያት ይኽፈት፡ እቲ ሓደ ንስርዓት ኣምላኽ ብምእዛዝና፡ ንበረኸትና፡ እቲ ካልኣይ ድማ፡ ብኽፍኣትናን ንስርዓቱ ወይ ንቓሉ ብዘይምእዛዝናን ከምቲ ማይ ኣይሂ ብዘመን ኖህ ዝኾኖ ንጥፍኣትና እዩ።*

## ለ. ሰይጣን ክኸሰካ ባይታ ይስእን

ክርስቲያን ስርዓት ኣምላኽ ምስ ዘፍርስ ሰይጣን ንኪኸሶ ወይ ድማ ንኼጥቅዖ ባይታ ይረክብ እዩ። ንኣዳምን ሄዋንን መንፈሳዊ ሞት ንኺሞቱ ትእዛዝ ኣምላኽ ኬፍርሱ ደኣ ሓባበሎም እምበር ብሰይፊ ኣይተዋግኦምን። ንእያሱ ሊቀ ካህናት ድማ ረሳሕ ክዳን ምስ ተኸድነ እዩ ንኺቃወሞ ሓይሊ (ባይታ) ዚረኸበ። ስለዚ ክርስቲያን መባእን ዕሸርን ናብ ቤት እግዚኣብሄር ምስ ዜምጽእ ሰይጣን ስርሑ ኬባላሽወሉ ወይ ኪኸሶ ስፍራ የብሉን። በዚ ነገር'ዚ እሙናት እንተ ዘይኰንና ግና እግዚኣብሄር ስሌና ኣንጻር ሰይጣን ኣይቀውምን እዩ። እኳ ድኣ እግዝኣብሄር ባዕሉ ነቲ ዝኣከብናዮ ዘጥፍኡ ሰራዊት ይሰደሉ (ሚል 3፡9-12፣ 2ዜና 7፡13-14፣ ሃጌ 1፡6)።

እቲ ምርጫ ናትና እዩ። ንቓል ኣምላኽ ሸለል ኢልና ብመገዲ ስጋ እንተ ተመላለስና ጸላኢና ኣባናን ኣብ ትሕዝቶናን ትምኒቱ ኪገብር ኢና ባይታ እነጣጥሓሉ። ንሰይጣን እንቃወመሉ መገዲ ብኣፍና፡ ስም ኢየሱስ ብምጥቃስ ጥራይ ዘይኰነስ ንስርዓት ኣምላኽ ብምእዛዝን ብምግዛእን እዩ። ኣይትስረቐ፡ ሓደ ካብቶም ዓሰርተ ትእዛዛት እዩ። ንእግዚኣብሄር ዚግባእ መባእን ዕሸርን ብምውሳድ እንተ ሰሪቕናዮ እግዚኣብሄር ኪጣበቐልና ክንጽበ የብልናን። ምናልባትውን ከም ንሳኦል ኣንጻርና ኪትንስእ ይኽእል እዩ። መባእን ዕሸርን ናብ ቤት እግዚኣብሄር ብምምጻእ፡ በዚ ነገር'ዚ እሙናት ክንከውን እንተ ኽኢልና ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንምጽላይ ሓይሊ ንረክብ፡ ጸሎትናውን ይምለሰልና፡ ስሌና ምስ ጸላኢና ይዋጋእ። እግዚኣብሄር፡ እስራኤል ከምቲ ዝግባእ ዕሸር ኣውጺኡ ምስ ወደአ፡

> *"....ካብቲ ቅዱስ ማሕደርካ፡ ካብ ሰማይ ጠምት እሞ፡ ንህዝብኻ እስራኤልን፡ ነታ ኬምቲ ነቦታትና ዝመሓልካሎም፡ ንኣና ዝሃብካና ምድርን፡ ጸባን መዓርን እትውሕዝ ምድሪ ባርኽ ኢልካ ጸሊ በሎ።" ዘዳ 26፡12-*

*15)*

**እቲ ዚግባእ መባእን ዕሽርን ከየውጽአ ግና እስራኤል እዚ ጸሎት'ዚ ኪጽልዮ ኣይክእልን፡ እንተ ጸለየውን ጸሎቱ ኣይምለሰን እዩ።**

## ዕሽር መን የመሓድሮ፧

**ኵሉ ሰብ ኣብ ኣዒንቱ ቅኑዕ ኰይኑ ዚተራእዮ ኪገብር ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኮነን። ኣብ ግብሪውን ኣየስርሕን እዩ። ሓንቲ ቤት ከምቲ ዚድለ ኪትቅጽል እንተ ኾይና መሪሕነትን ጥርናፌን ኪህልዋ የድሊ። ከምኡውን ሰባት ብዓዲ፡ ብከባቢ፡ ብዞባ፡ ብሃገር ወዘተ ብስምረት ተጠርኒፎም ኪነብሩ ንዅሎም ብዚውክሎም ስርዓት ወይ ሰብ ኪመሓደሩ የድልዮም እዩ። ህዝቢ ኣምላኽውን ከምኡ በታ መርሖ ሲኦልን መንግስተ ሰማያትን ዚሓዘት ቤተ ክርስቲያን ኪምራሕን ኪመሓደርን ይግብኦ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ መባእን ዕሽርን ቤተ ክርስቲያን ብዝመዘዘቶም ሰባት ጥራይ ኪመሓደር ይግባእ። እግዚኣብሄር ኣምላኽና ናይ ስርዓት ኣምላኽ እዩ። ዕሽር ንምውጻእ ንስርዓት ኣምላኽ ክንእዘዝ ኣሎና። ነቲ ዝተዋጽአ ዕሽር ንምምሕዳሩውን ብስርዓትን ስልጣናትን ኣምላኽ ክንግዛእ የድልየና እዩ።**

**ሎሚ ብዙሓት ኣመንቲ ኣብ ዕሽር ዘለዎም ኣረኣእያ ሰንከፍን ግጉይን እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ ድማ ገለ ኣገልገልቲ ዚበሃሉ ነናቶም መባእን ዕሽርን ንኺእክቡ ብረብሓ ተደሪኾም ተፈልዮም ሕብረት ኬቐሙ ይረኣዩ ኣለዉ። ክርስቲያናት ካብዚ ግጉይ መገዲ ምምላስ የድልዮም እዩ። መባእን ዕሽርን ናብ ቤተይ ኣምጽእዎ እምበር ባዕልኹም ኣመሓድርዎ ወይ'ውን ንዚመስለኩም ዓድልዎ (ሃብዎ) ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ኣይተጻሕፈን። መባእን ዕሽርን ናይ እግዚኣብሄር እምበር ናትና ከም ዘይኰነ ድሮ ርኢና ኣሎና። ዝኾነ ሰብ ድማ ኣብ ዘይናቱ ንብረት ኣትዩ ኬስተናብር ኣይግባእን እዩ።**

ሰብ ዕሽር ምሃብ መንፈሳዊ ሓላፍነቱ እዩ። ሎሚ ገለ ዕሽር ናብ ቤት ኣምላኽ ዘምጽኡ ሃብታማት ኣመንቲ፡ እቲ ዕሽር ንኣምላኽ ሂቦሞ ክንሶም ጌና ዋንነት ይስምዖም እዩ። ስለዚ ድማ ንቤተ ክርስቲያን ንመሓድራኡ ዚምልከት መምርሒ ይህብዋ። እታ ቤተ ክርስቲያን ከኣ፡ እቶም ሃብታማት ዕሽር ምምጻእ ከየቋርጹ ብማለት ብትእዛዞም ትኸይድ። እዚ ግና ኣንጻር ሓሳብ ኣምላኽ እዩ። እቲ ሃብታም ብዙሕ ምሃቡ ከጋግዮ የብሉን። እግዚኣብሄር ብዙሕ ስለ ዝሃቦ እዩ ብዙሕ ኪህብ ዚግደድ ዘሎ እምበር ዝሓሸ ጽድቂ ኣይገበረን። ቤተ ክርስቲያን ከኣ እቲ ዕዮ ናይ ኣምላኽ ምዃኑ ክትፈልጥ ኣለዋ። ኣምላኽ ድማ ብሃብታማት ጥራይ ዘይኰነስ ብድኻታት ድማ ዝግልገል ኣምላኽ እዩ። እግዚኣብሄር ንኤልያስ ብድኻ መበለት ሰበይቲ መጊቡ ዓብዪ ትምህርቲ ገዲፉልና ኣሎ (1ነገ 17፡8-12፣ ሉቃ 21፡1-4)። ስለዚ ቤተ ክርስቲያን ንኣምላኽ ብምፍራህን ኣብኡ ብምውካልን ኣምላኽ ዝሃባ ስልጣን ክትጥቀመሉ ይግባእ። ንሰባት ገንዘብ ንምምንዛዕ ወይ ንሃብታማት ንምቅብጣር ናታቶም ድሌት ንምትግባር ኣብ ዘይቦትኣ ክትርከብ ግና ዓብይ ውድቀት እዩ።

> *ሎሚ ገለ ዕሽር ናብ ቤት ኣምላኽ ዘምጽኡ ሃብታማት ኣመንቲ፡ እቲ ዕሽር ንኣምላኽ ሂቦሞ ክንሶም ጌና ዋንነት ይስምዖም እዩ። ስለዚ ድማ ንቤተ ክርስቲያን ንመሓድራኡ ዚምልከት መምርሒ ይህብዋ። እታ ቤተ ክርስቲያን ከኣ፡ እቶም ሃብታማት ዕሽር ምምጻእ ከየቋርጹ ብማለት ብትእዛዞም ትኸይድ።*

ሓደ ብቐሊሉ ዝርድኣና ኣብነት ንውሰድ። ናይ መሸጣ ቀረጽ እቲ ኣገልግሎት ዚረኸበ ትካል ወይ ሰብ ንመንግስቲ ዚኸፍሎ መጠን ገንዘብ እዩ። ዚእክቦ ኣካል ግን መንግስቲ ዘይኰነስ እቲ ኣገልግሎት ዚህብ ዘሎ ትካል ወይ ሰብ እዩ። እቲ ዚግባእ ገንዘብ ሓሙሽተ ወይ ድማ ዓሰርተ ሚእታዊት ካብቲ ተጠቃማይ ኣኪቡ ንመንግስቲ የረክቦ። ግናኸ ዋላውን ንመንግስትን ንህዝብን ዝጠቅም ይኹን በቲ ገንዘብ ገይሩ ዝኾነ ነገር ኪገብር ኣይፍቀዶን እዩ። ኪገብር እንተ ኹይኑ ድማ ካብቲ ንእኡ ዚምልከት ገንዘብ ብኣፍልጦ እቲ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ እዩ ዚገብር። እዚ ኣብነት'ዚ መባእን ዕሽርን፡ ኣብ ክንዲ ቤተ ክርስቲያን ኴንና፡ ፈሊና ናብ ቤት መዝገብ ከነምጽኦ እምበር ኣብኡ ውልቃዊ ዋንነት ከም ዘሎና ከነመሓድሮ ናትና መዝነት ከም ዘይኰነ እዩ ዚምህረና። ከም ውልቀ ሰባት ናትና መዝነት ኣብቲ ንዓና ዚምልከት ኣታዊታት እዩ። ብእኡ ገይርና ቤትና ጽቡቕ ጌርና ከነስተናብር፡ ካብኡ ድማ ፈቲና ንኻልኦት ከነማቕል ንኽእል ኢና። ኣብቲ ናትና ኣታዊ ንፉዓትን እሙናትን ኣስተናበርቲ ምስ እንኸውን፡ ሽዑ ቤት ኣምላኽ ነቲ ኵሉ ዚተዋጽኣ መባእን ዕሽርን ንኽነስተናብር ክትመዝና ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ (1ጢሞ 3፡10)። በዚ ንኣምላኽ ንምግልጋል ቅዱስ ቅንኣት እንተሎና ድማ ቅንኣትና ንኽነተግብር ጽቡቕ ዕድል ንረክብ ኢና። ህልው ኵነታት ኪረአ ከሎ ግና ኣብ መባእን ዕሽርን ዘሎና ኣረኣእያን ኣተሓሕዛን ምትዕርራይ ዜድልዮ ይመስል። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናብቲ ትኹል ቃል ኣምላኽ ዚብሎ ኪምለስን መዝነቱ ኪፈልጥን ይግባእ። ኣምላኽ ንቤተ ክርስቲያን ዝሃባ ክብሪ ከስተውዕሉን ሓላፍነታ ክትዋጻእ ከአ ዕድል ክህብዋን ፍቓድ ኣምላኽ እዩ።

## ስለምንታይ ሰብ ናብ ዝተፈላለዩ ዓይነት ውልቃዊ ስጕምቲ ይኸይድ፧

መብዛሕትኡ ሰብ ናብ ባዕላዊ (ዚመሰሎ) ስጕምቲ ወይ ስርዓት ኣልቦ ኣካይዳ ዚኣቱ ስለ ዚደለዮ እዩ ኢልና ክንዛረብ ዘድፍረና ኣይኮነን። ቤተ ክርስቲያን ንዝተዋጽኤ መባእን ዕሽርን ኣብቲ ዝድለ ኣይተውዕሎን ኣላ፡ ኣብ ክንዲ ትጥቀመሉ ተቐምጦ እያ፡ ኪድገፉ ዚግብኦም ስኡናት ግዲ ኣይትገብረሎምን ዘላ፡ ብግቡእ ኣይተመሓድሮን ኣላ፡ ገለ ካብቶም ዚጥቀሱ ምኽንያታት እዮም። እዚ ኣብ ገለ እዋን ቅቡል ኪኸውን ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ጌጋ ምስ ደቂ ሰብ ስለ ዘይሰኣን። እቲ ሕቶ ግን ነዚ ከምዚ ዓይነት ጌጋ ከመይ ገይርካ ተቕንዮ፧ ዚብል እዩ። ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ባዕላዊ ስጕምቲ ጌርካ ነቲ ዝተራእየ ጉድለት ክትእርም ምፍታን ዝገደደ ጌጋ እዩ። ከመይሲ ንሓድሕዳ ዝተፈላለየት መንግስቲ ትዓኑ እምበር ኣይትህነጽን እያ (ሉቃ 11፡17)። ነተን ናትና መባእን ዕሽርን ኣብቲ ዝግባእ ኣውዒልናየን ንበል። በዛዕባ እቲ ናይ ካልኦት ዝተዋጽአ ገንዘብ'ከ ወይ ብዛዕባ እታ ቤት ኣምላኽ'ከ ግድን ሓላፍነትን ክስምዓና ኣይግባእን ድዩ፧ ነፍሲ ወከፍ ክርስቲያን ዝመስሎ ስጉምቲ ይውሰድ እንተ ኢልና ድማ ምስ ሕብረትን ጥርናፈን ኣመንቲ፡ ምስ ስርዓት ኣምላኽ፡ ምስ ቃል ኣምላኽ ኣይንሰማማዕን ኢና ዘሎና።

እታ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስቲያን ንዝተዋጽአ ገንዘብ ንምምሕዳሩ ዚምልከት ጉድለት ኣጋጢምዋ ነይሩ እዩ (ግብ 6፡13)። እንተኾነ ግን ጸልዮም፡ ተዘራሪቦም፡ እቲ ዝግባእ ስጉምቲ ብምውሳድ ኣዐርዮሞ እምበር ባዕላዊ ስጉምቲ ብምውሳድ ኪፈትሑዎ ኣይፈተኑን። ብመሰረቱ ክነስተውዕሎ ዘሎና ናትና ቀዳማይ ሓላፍነት ካብ ኵሉ እቶትና መባእን ዕሽርን ኣብ ምውጻእ እሙናት ምዃን እዩ። እቲ ኣብ ዚግባእ ኣየውዓልኩምዎን፡ በቲ ዚተዋጽአ ገንዘብ ኣየ'ኽበርኩምንን ዚብል ሕቶ ድማ ነቶም ንምምሕዳሩ ዚተመዘዙ ኣገልገልቲ ይምልከት። ክንድግሮም

እንተ ኈንና ድማ እቲ ግቡእ መስርሕ ምኽታል የድሊ። ስለዚ ፍርድና ዜብዝሕ ኣምላኽ ዘየሰክመና ሓላፍነት ኣይንሰከም። ያዝያ ታቦት ከይወድቕ ብዝብል ሰናይ ሓሳብ ባዕላዊ ስጉምቲ ምስ ወሰደ ዘጋጠሞ ፍርዲ ክብድ ዝበለ እዩ። ደቂ ቆራሕን ሚርያምን ኣሮንን ኣብ ልዕሊ ሙሴ ምስ ተላዕሉውን ከምኡ። ኣብ መሪሕነት ዘሎ ሰብ ክጋገ ይኽእል እዩ። በቲ ቅኑዕ ኣገባብ ከተቕንዮ ምቅላስ ከኣ መንፈሳዊ ልቦና እዩ። መጀመርታ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ብዕቱብ ምጽላይ የድሊ፡ ካልኣይ ድማ ምስቲ ሰብ ወይ ምስቲ ዚመዘዞ ኣካል ከም ኣድላይነቱ ብዛዕባ እቲ ዝርአ ዘሎ ጒድለት ምዝርራብ። እቲ ሰብ ኣብ ጥዑይ መንፈስ እንተሎ ብቐሊሉ ክዕረ እዩ። እንተ ዘይኰነ ግና እታ ቤተ ክርስቲያን ንእኡ ኣልያ ነቲ ሓላፍነት ዚበቅዕ ሰብ ከተመዝዝን፡ እቲ ዕዮ ድማ ከምቲ ዚግባእ ከም ዚኸይድ ክትገብር ኣለዋ።

## መባእን ዕሽርን ኣብ ምውጻእ እሙን ንምዃን እንታይ የድሊ፧

### ሀ. እምነት

ብዙሕ ጊዜ እኹል ገንዘብ እንተ ዚህልወና መባእ ይኹን ዕሽር ናብ ቤት ኣምላኽ ንምምጻእ ወይ ንድኻታት ኣብ ምርዳእ ከም ዘይንሸገር ኰይኑ ይስምዓና እዩ። እቲ ሓቂ ግና ከምኡ ኣይኮነን። ምሃብ ናይ ፍቕሪ ወይ ናይ እምነት ሕቶ እምበር ናይ ምርካብን ምስኣንን ኣይኰነን። እቲ ከይተጸገመ ዚህብ እቲ ኣብ ልቡ ብዙሕ ፍቕሪ ዘለዎ ናይ እምነት ሰብ እምበር እቲ ኣብ ቤቱ ብዙሕ ትሕዝቶ ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ኣምላኽ እምነት ዘለዎ ሰብ፡ ዘለዎ ኵሉ እምበር ካብ ተረፉ ኣይኰነን ዚህብ (ሉቃ 21፡1-3፣ 1ነገ 17)። ልቢ ኣምላኽ ዚትንክፍን ንበረኸት ሰማያት ዚኸፍትን ድማ እዚ ዓይነት ናይ እምነት ህያብ እዩ። ኣብርሃም ነቲ ሓደ ወዱ ብእምነት እዩ ሰዊእዎ። ብኣእምሮ ክንርእዮ ከሎና ግና ይስሃቕ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ዚተረኽበ መተካእታ ዘይብሉ ውሉድ

ኪስዋእ ኣይነበሮን። እታ ንኤልያስ ዚመገበቶ መበለትውን፡ ንሳን ወዳን ንእኣን በሊዕና ክንመውት ኢና እናበለት እዩ፡ ኤልያስ ካብዘን ሒደት ሓሩጭን መቐርሰሚቶ ዘይትን ቅድም ንዓይ ሃብኒ ዚበላ። ካብ ዘይብላ ብእምነት ስለ ዝሃበት ድማ ኣምላኽ ተኣምራታዊ ብዝኾነ መገዲ በቲ ዜድልያ ባረኻዋ። ስለዚ መባእን ዕሸርን ይኹን ካልእ ዓይነት ህያብ ዋላ ኣብ ጊዜ ስእነትና ናብ ቤት ኣምላኽ ንምምጻእ እምነት ተድልየና እያ። እዚ ማለት ንኽኣልነቱን ንእሙንነት ቃሉን ኣጸቢቕና ክንርዳእ የድልየና እዩ።

> *“ንንፋስ ዚምልከት ኣይዘርእን ንደበና ዝጥምት ድማ ኣይዓጽድን እዩ...።” (መክ 11፡4-5)*

*ምሃብ ናይ ፍቕሪ ወይ ናይ እምነት ሕቶ እምበር ናይ ምርካብን ምስኣንን ኣይኰነን። እቲ ከይተጸገመ ዚህብ እቲ ኣብ ልቡ ብዙሕ ፍቕሪ ዘለዎ ናይ እምነት ሰብ እምበር እቲ ኣብ ቤቱ ብዙሕ ትሕዝቶ ዘለዎ ኣይኮነን።*

### ለ. ግርህነት

ልቢ ሰብ ጐራሕን ሕሱምን ዝተሓላለኸን ስለ ዚኾነ፡ ኪህብ ከሎ ብዙሕ ነገር እዩ ኣብ ግምት ዜእቱ። ስለዚ ሰብ ኪህብ ከሎ ጉርሕን ስጋዊ ጥበብን ከየጥቅየ ግርህነት ከጥፍእ የብሉን። ስጋን ደምን ቀሊል መኻሪ ስለ ዘይኰነ ብዝተፈላለየ ምስምስ መባእን ዕሸርን ናብ ቤት ኣምላኽ ካብ ምምጻእ ከይክልክለናን ከየደናጉየናን እሞ ኣብ ትሕቲ መርገም ከይንኣቱ ብግርህነት ንሃብ። ሃዋርያ ጳውሎስውን *"...ዚህብ ተገሪሁ ይሃብ...."* ኪብል ንሰብ ሮሜ ምዒድዎም ኣሎ (ሮሜ 12፡8)። ስለዚ ዝኾነ ዓይነት ህያብ ናብ ቤተ ክርስቲያን ንምምጻእ ዚድርኸና እንተ ኣልዩ ኣብ ልብና ዘሎ ፍቕሪ ኣምላኽ ጥራይ ኪኸውን ኣለዎ።

> *"እንጌራኻ ናብ ልዕሊ ማያት ስደዶ፡ ከመይሲ ድሕሪ ብዙሕ መዓልታት ክትረኽቦ ኢኻ።" መክ 11፡1*
>
> *"ኣብ ልብኻ ሓሳብ ብልያል ከይሀልወካ ተጠንቀቕ..."። ዘዳ 15፡9*

ብናይ ሓሳብ ምድማርን ምጕዳልን ንኣምላኽ ከነስምሮ ኣይንኽእልን ኢና።

### ሐ. ምልምማድ

ሰብ ኪመሃር ስለ ዚኽእል ንጽቡቕ ይኹን ንሕማቕ ኪለምድ ዝኽእል ፍጡር እዩ። ንዝኾነ ነገር ንኽትለምዶ ድማ ብንእሽቶ ነገር ኢኻ እትጅምሮ። ይዕበ ይንኣስ ቅድሚ ሕጂ ፈቲንካዮ ዘይትፈልጥ ሃንደበት ክትገብሮ ምስ እትእዘዝ ኣዚኻ ኢኻ እትሸገር። ካብ ሒደት ኣታዊ ምሃብ ልምዲ ዘይጸንሓካ ብዙሕ ኣታዊ ምስ ረኸብካ ካብኡ ምሃብ ክኸብደካ ግድን እዩ። መባእን ዕሸርን ምሃብ ፍሉጥ ኣታዊ ኣብ ዘይብልና እዋን ጀሚርና ኢና ክንለማመዶ ዘሎና። ተመሃሮ እውን ካብቲ ካብ ስድራኦም ናይ ሻሂ ተባሂሉ ዚወሃቦም ገንዘብ መባእን ዕሸር

ምውጻእ ኪለማመዱ ሰናይ እዩ። እዚ ማለት ግና ካብቲ ንጥራዝ፡ ፒሮ፡ ርሳስን ካልእን መግዝኢ ብወለድና ዝወሃበና ገንዘብ ኣይኮነን። ገና ናብቲ ብዙሕ ወጣጢ ዘለዎ ናብራ ከይኣተና ምስ ስድራ ከሎና እንተ ዘይተለማሚድና ድሓር መባእን ዕሽርን ካብ ምስራኽ ኣይንቑጠብን ኢና።

> *"ብሒደት እሙን ዚኾነ ብብዙሕ ድማ እሙን እዩ፡ እቲ ብሒደት ዝዕምጽ ድማ ብብዙሕውን ዓማጺ እዩ።" ሉቃ* 16፡10

ስለዚ ካብቲ ጽባሕ እግዚኣብሄር ዝህበካ ብዙሕ ኣታዊ፡ መባእን ዕሽርን ንምውጻእን ክቐለልካን ከይትዕምጽን ካብቲ ሎሚ ዚህበካ ሒደት ኣታዊ ዕሽር ንምውጻእ ሸለል ኣይትበል። ከምቲ ስርቂ ብሒደት እምበር ብዓብዪ ዘይጅመር፡ ጽድቂውን ከምኡ እዩ።

ኣብዚ ኣታዊኻ ሒደት ምስ ዝኸውን'ከ፤ ዚብል ሕቶ ይመጽእ እዩ። እቲ ምኽንያት ድኣ ይፈላለ እምበር ኣብ ምድሪ፡ መብዛሕትኡ ሰብ ብሕጽረት ኣታዊ ይሽገር እዩ። ብፍላይ ድማ ናይ ገለ ሰባት ኣታዊኦም ኣብ ፍርቂ ወርሒ ወይ ዓመት ኬቋርጾም ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ነቲ ናብ ቤት ኣምላኽ ኪመጽእ ዘለዎ ዕሽር ወይ መባእ ይሰጋገር ወይ ይቋረጽ። እዚ ግና ሕማቕ ልምድን ካብ እምነት ምጉዳልን እዩ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ድማ ዘይቅቡል እዩ። ኣማኒ ብእምነት እምበር ብምርኣይ ወይ ኵነታት ኣብ ግምት ብምእታው ኣይመላለስን እዩ። ካብ መሰረቱ ድማ እኹል ኣታዊ ምስ ሃለወካ ካብ ተረፍካ መባእን ዕሽርን ምውጻእ ንጽድቅኻ ኣየጉልሖን እዩ። ስለዚ ካብ ዘይብልካ ብእምነት ምሃብ ንኣምላኽ እሙንነትካ እተርእየሉ ጽቡቕ ኣጋጣሚ እዩ (1ነገ 17፡8-16፣ ሉቃ 21፡1-3፣ 2ቈረ 8፡1-5)። ኣብ ስእነቱ መባእን ዕሽርን ናብ ቤት ኣምላኽ ምምጻእ ዘይተለማመደ ኣማኒ ምስ ረኸበውን እሙን ኰይኑ ኣይህብን እዩ። ዚረኸቦ ሃብቲ ከኣ በረኸት ዘይብሉ እዩ ዚኸውን።

ስለዚ ሰብ ንቓል እግዚኣብሄር ብእምነት ምስ ዝእዝዝ እዩ ዚባረኽ እሞ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኵነታት ነቲ መለኮታዊ ስርዓት ኣምላኽ ብእምነት ክእዘዞ ይግባእ።

### መ. ጊዜ ዘይምውሳድ

ምስ ምውሳድ ጊዜ ልብና ክፍተንን ናይ ሓሳብ ለውጢ ክንገብርን ዓብዪ ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ኣታዊ ምስ ረኸብና ተቐላጢፍና ጊዜ ከይወሰድና እቲ ናይ ኣምላኽ ብጽሒት ምፍላይን ናብ ቤት ኣምላኽ ምውሳድን ዝዓበየ ጥበብ እዩ። ከምዚ እንተ ዘይጌርና ግን ምስ ጸገመና ከነልዕሎ ክንፍትን ኢና። ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ናታ ጸገም ሒዛ ስለ እትመጽእ ድማ ነቲ ዘልዓልካዮ ዕሸር ምትካኡ ቀሊል ኣይኮነውንን እዩ። ከምኡ'ውን ንስርዓት ኣምላኽ ስለ ዘይተኣዘዝካ፡ እቲ በረኸት ኪመጸካ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ጸላኢ ከይፍትነና፡ ተመሊሱ ኪኸስና ድማ ዕድል ከይረክብን ካብ በረኸት ከየርሕቐናን እዛ ንእሽቶ እትመስል ጥበብ ንጠቐመላ። ካብ ፈተና ንምርሓቕ ዘይናትና ገንዘብ ቀልጢፍና ካባና ነርሕቆ። ብቐንዱ ከኣ ንእግዚኣብሄር ዚቐርብ መስዋእቲ ኣብ ምዱብ ጊዜኡ ኪቐርብ ከም ዚግባእ ቃል እግዚኣብሄር ነጊሩና ኣሎ።

> *"እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ ንደቂ እስራኤል፡ መስዋእተይ፡ እቲ ብልዔይ ነቲ ንጥዑም ጨና ዚኾነኒ ናይ ሓዊ መስዋእተይ፡ በቲ ምዱብ ጊዜኡ ኽቕርቡለይ ሓልዉ፡ ኢልካ ኣዝዞም።" ዘሁ 28፡1-2*

ካልእ ኣብዚ ከነስተውዕሎ ዝግብኣና ቤተ ክርስቲያን ነቲ ዝጠቐስናዮ ብመባእን ዕሸርን ዚዕመም ኣገልግሎታት ንምትግባር ኣታዊኣ እዚ ኣመንቲ ዚህብዎ መባእን ዕሸርን እዩ። ንሕና ብጊዜኡ ክንህብ እንተ ዘይክኢልና ድማ እቲ ዕዮ ክደናጎ እዩ። ጊዜ ንደቂ ሰባት ኣገዳሲ ነገር

እዩ። ኵሉ ነገር ድማ ኣብ ጊዜኡ ምስ ዝግበር እዩ ንበረኸት ዝኾነና። ሎሚ ዘይተመገበ ጽባሕ ኪነብር ኣይክእልን እዩ እሞ እቲ ጥሙይ ምእንቲ ብህይወት ኪነብርን ኪምርቐናን ዝግብኣና ንምግባር ትጉሃትን ፍጡናትን ንኹን። ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ቈረንቶስ ዝጸሓፈሎም ነዚ ክልተ ሓሳባት የብርሃልና እዩ፡

> *“ኣነ ምስ መጸእኩ ምውጻእ ገንዘብ ሽዑ ምእንቲ ኸይከውን፡ ኣብ ሰሙን በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ነፍሲ ወከፍኩም ከም ዓቕሙ ኣዋህሊሉ ምስኡ የቐምጥ።”* 1ቈረ 16፡2፣ 2ቈረ 9፡11-15

## ረ. ምጽላይ

*ኣመንቲ መባእን ዕሽርን ብምውጽኦም ብዙሕ ዕዮ ወንጌል እዩ ዚዕየ። በዚ ድማ ኣምላኽ ይኽብርን ይሕጐስን እዩ። ሰይጣን ድማ ብኣንጻሩ ይተዓናቐፍን ይሓፍርን። መብዛሕትና ግና ስርዓት ኣምላኽ ስለ ዝኹነ ብልምዲ ንገብሮ እምበር፡ ብእኡ ኣቢሉ መንፈሳዊ ዕዮ ከም ዝዕየን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ምኺኑን ኣጸቢቕና ኣይነስተውዕሎን ኢና። ስለዚ ድማ ኢና ብዛዕባ መባእን ዕሽርን ኣርእስቲ ሒዝና ዘይንጽሊ። በንጻሩ ደኣ ብዛዕባኡ ብዙሕ ንዛረብ ወይ ድማ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተባህለ ዝመሰለና ውልቃዊ ስጉምቲ ንወስድ። ሰይጣን ግና ብኣንጻሩ ናይ መባእን ዕሽርን መንፈሳዊ ትርጉምን ምስጢርን ዜስልጦ መንፈሳዊ ዕዮን ኣጸቢቑ እዩ ዚርድኦ። ኣብ መጽሓፍ ነህምያ ምዕ.* 13 *ምስ እነንብብ ዕዮ ኣምላኽ ደው ኪብልን፡ እቲ ህዝቢ ቤት ኣምላኹ ኪሓድግን ሰይጣን ዝተጠቐመሉ ውዲት መባእን ዕሽርን ከም ዘይዋጻእ ምግባር እዩ ነይሩ። ጦብያ እቲ ዕሽር ኣብ ክንዲ ናብ ቤት ኣምላኽ ናብኡ ከም ዚመጽእ፡ እቲ ብመገዲ ዕሽር ኣቢሉ ዚዕየ ስርሓት ድማ ከም ዚበኩር ኣብ ምግባር ኣበርቲዑ ሰሪሑ፡ ተዓዊቱ ድማ። ነህምያ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ነዚ ንምትዕርራይ ዚወሰዶ ቀዳማይ ስጉምቲ ድማ፡ ንጦብያን ኣሰራርሓኡን*

ተቓዊሙ መባእን ዕሸርን ከም ዚዋጻእ ምግባር እዩ ነይሩ። ብኸምዚ ድማ ኣገልግሎት ኣምላኽ ከም ዚቕጽል ገይሩ። ስለዚ ከም ኵሉ መንፈሳዊ ዕዮ፡ ንምውጻእ መባእን ዕሸርን ኣጠቓቕማኡን ሰይጣን ከም ዝቃወም ኣስተውዒልና ብዛዕብኡ ምጽላይ የድልየና እዩ። እምበኣር ምናልባት መባእን ዕሸርን ዘየዋጽእ፡ ወይ'ውን ነቲ መባኡን ዕሸሩን ናብ ቤት ኣምላኽ ዘየምጽእ (ባዕሉ ዜመሓድሮ) እንተ ኣሎ፡ ንቓል እግዚኣብሄር ተጻሪሩ ብምኽሪ ጦብያ ይመላለስ ከም ዘሎ ኣስተውዒሉ ስጉምቱ ኪእርም ቤተ ክርስቲያን ብቓል ኣምላኽ ገይራ ትምህርን ትምዕድን ተጠንቕቕን ኣላ። እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ።

## መምዘኒ መባእን ዕሸርን ዘመሓድሩ ሰባት

ነዚ ኣገልግሎት እዚ ዘካይዱ ሰባት ቤተ ክርስቲያን ብቕዓቶም ርእያ ነዚ ሓላፍነት ዝመዘዞም እምበር ዝተፈላለየ ጥበብ ተጠቒሞም ገዛእ ርእሶም ዚሽሙ ኪኾኑ የብሎምን። ከምኡውን ካብ ምእመን ዝመጸ ርእይቶን ሓሳባትን ተግሳጽን ዚቕበሉን ደገፍ ዚሓቱን ሰፊሕ ልቢ ዘለዎም ኪኾኑ ይግባእ።

> *"...ቅድሚ ይመርመሩ መንቅብ ዘይብሎም እንተ ኾኑ ሽው የገልግሉ፡" 2ጢሞ 3፡10*

> *"ከም ኣሮን ብኣምላኽ ዝተጸውዔ ደአ እምበር ነዚ ኽብሪ እዚ ሓደ እኳ ባዕሉ ኣይወስዶን እዩ።" እብ 5፡4*

ቤተ ክርስቲያን እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ መምዘኒታት ተጠቂማ ሰባት ክትመዝዝ ይግባእ።

### ሀ. ጥንቃቐ

ሰብ ኲሉ ኢሉ እኳ እንተ ዘየጠፋፍኣን እንተ ዘየበላሸወን ዚግባእ ጥንቃቐ ብዘይምግባር ዜስዕቦ ዕንወት ግን ቀሊል ኣይኮነን። ጥንቁቕ ሰብ ግና ንነገራት ኵሉ ጊዜ ብዕቱብ ይሕዞም፡ ሸለል ኣይብልን፡ ንዝተዋህቦ ሓላፍነት ድማ ከምቲ ዝድለ ንምፍጻሙ ኣድላዪ ዘበለ ትግሃትን ጻዕርን የካየድ። ስለዚ ነዚ ኣገልግሎት እዚ ዚምዘዙ ሰብ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዚበሎ ጥንቁቕን ቀጻዕ ነፍሱን ኪኸውን ይግባእ (1ጢሞ 3፡2)። ሸለል ምባል ዜስዕቦ ክሳራ ቀሊል ኣይኮነን እሞ ኣገልጋሊ ናይ ምጥንቃቕ ባህርይ ኪህልዎ ይግባእ።

> *"ንስኻ ግና ብዅሉ ተጠንቀቕ፡ መከራ ጽገብ፡ ግብሪ ወንጌላዊ ግበር፡ ኣገልግሎትካ መልእ።" 2ጢሞ 4፡4-5*

ገንዘብ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ስለ ዘድልየና፡ ናይ ምግዛእ ሓይሊ ድማ ስለ ዘለዎ ንልቢ ሰብ ኣዝዩ እዩ ዝፍትኖ። ስለዚ ጸላኢ ብእኡ ኣቢሉ መዓንቀፊ ከይገብረልና ከምቲ ዚድለ ድማ ንኺተመሓድሮ ልዑል ጥንቃቐ እዩ ዝሓትት።

> *"ኣብ ቅድሚ ሰብ ከአ እምበር፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጥራይ ዘይኰነ ንሰናይ ዘበለ ኢና እንሓሊ ዘሎና እሞ፡ ብዛዕባ እቲ ብኣገልግሎትና ዝተዋጽአ፡ ብርኩት ገንዘብ ሓደ እኳ ምእንቲ ከይነቕፈና ንጥንቀቐሉ ኣሎና።" 2ቈረ 8፡20-21*

### ለ. ፍቱን ወይ ተመኵሮ ዘለዎ

እቲ ዝዓበየ መንፈሳዊ ዕዮ ብቕዓትና እነመስክረሉ ባይታ ቤትና፡ ስራሕና ኮታ ኵሉ ዕለታዊ መነባብሮና እዩ። ኣብ ስርሑ እሙን ኰይኑ ዘይተረኽበ ወይ በተን ዚረኸበን እቶት ቤቱ ከምቲ ዚግባእ ንምስትንባር

ብቕዓት ዘይብሉ ሰብ መባእን ዕሽርን ንምስትንባር ብቕዓት ኪህልዎ እዩ ኢልካ ምሕሳብ ጌጋ እዩ። ስለዚ ነዚ ኣገልግሎት እዚ ዜካይድ ሰብ ቤቱ ብግቡእ ዚኣሊ ምዃኑን፡ ካብ ወጻኢ ዘለዉ ጽቡቕ ምስክርነት ከም ዘለዎን ኣብ ቤት ኣምላኽ ዚካየድ ናይ ኣገልግሎት ተመኩሮን ክምርመር ይግባእ። ቃል ኣምላኽውን ነዚ ረቛሒታት እዚ ብንጹር ኣስፊርዎ ኣሎ።

> *"...ነታ ቤቱ ኼስተናብራ ካብ ዘይክእል ግና፡ ነታ ማሕበር ኣምላኽ ድኣ ከመይ ገይሩ ኪኣልያ ይኽእሉ፧ ስለዚ ቤቱ ጸቡቕ ገይሩ ዜስተናብርን፡ ብኹሉ ምርዛን እዙዛት ውሉድ ዘለውዎን ይኹን። ተነፊሑ ናብ ፍርዲ ድያብሎስ ምእንቲ ከይወድቕ፡ ሓድሽ ተኽሊ ኣይኹን። ኣብ ጸርፍን መፈንጠራ ድያብሎስ ምእንቲ ከይወድቕ ከኣ፡ ካብቶም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ጽቡቕ ምስክር ኪህልዎ ይግባእ።"* (1ጢሞ 3፡4-7)

ተመኩሮ ዘይብሉ ሰብ ብቕዓቱ ዘየረጋገጸ፡ ኣብ ብዙሕ ዕዮታት ዘይተፈተነ፡ ብዛዕባ ሰይጣንን ኣሰራርሕኡን ውሑድ ፍልጠት ዘለዎ ስለ ዚኾነ ሰይጣን ብቐሊሉ ኣብ መፈንጠራ እዩ ዜእትዎ። ስለዚ ተመኩሮ ንብቕዓት ኣገልግሎትና ኣዝዩ ወሳኒ እዩ።

### ሐ. እሙን

እግዚኣብሄር እሙን ኣምላኽ እዩ፡ እሙናት ኣገልገልቲ ድማ ይደሊ። እሙን ንዚተዋህቦ ሓላፍነት ከምቲ ዚግባእ ዚፍጽም፡ ዘይናቱ ዘይደሊ፡ ልቡ ብቑንነታት ዘይምራሕ፡ ልቡ በቲ ዚኣተዎ ኪዳን ዚጸንዕ ሰብ እዩ። ኣብዛ ዝተረግመት ምድሪ ንጸናበር ስለ ዘሎና፡ እቲ ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ዚጻረር ኣረጊት ሰብ ምሳና ስለ ዘሎ ሎሚ ቤተ ክርስቲያን እሙናት ሰባት ኸትረክብ ትጽገም ኣላ። ነዚ ኣገልግሎት እዚ ድማ ኣዝዮም

**እሙናት ኣገልገልቲ እዮም ዜድልዩዎ።**

*"...ግናኸ ንእሙን ሰብ መን ይረኽቦ።" ምሳ 20፥6*

**እሙን ንዘይኰነ ሰብ ገንዘብ ብሓደራ ዚህብ ዋላ ሓደ ሰብ የለን። ነህምያ ነቲ ተቓሪጹ ዚነበረ ምውጻእ ዕሽር፡ ንልቢ እቲ ህዝቢ ኣነቓቒሑ፡ ዕሽር ከም ዚዋጻእ ምስ ገበረ፡ ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ንዕኡ ዜመሓድሩ ሰባት ኪመዝዝ ነይርዎ። እቶም ናብዚ መዝነት ዜምጽኦም ሰባት ድማ እሙናት ነበሩ።**

*"ተሓዝቲ መዝገብ ከአ ኣቘምኩ...እሙናት ኰይኖም ስለ ዝተረኽቡ ድማ ነሕዋቶም ገጊደኦም ክካፍልዎም ተመዘዙ።" ነህ 13፥13*

**ዘይእሙን ሰብ ንገንዘብ ኣምላኽ ኣብቲ እግዚኣብሄር ዚደልዮ ኣየውዕሎን፡ ብዘይ ግቡእ ይዘርዎ፡ ኣብ ናይ ግሉ ጥቕሚውን የውዕሎ እዩ እሞ ቤተ ክርስቲያን እሙን ሰብ ንምርካብ ክትጽዕት ይግባእ (1ቈረ 4፥2፣ ነህ 9፥7-8)።**

## ምውጻእ መባእን ዕሽርን ዚህበካ ትብዓት

**ኣብ መወዳእታ እግዚኣብሄር ደቂ እስራኤል መባእን ዕሽርን ኣውጺኦም ምስ ወድኡ ብትብዓት ኪብልዎ ዚኣዘዞም ቃል ክንብሎ ክንክእል ኣሎና።**

*"ብታ ሳልሰይቲ ዓመት፡ ዓመት ዕሽር፡ ዕሽር ኵሉ እቶትካ ኣውጺእካ ምስ ፈጸምካ፡ ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ በሊዖም ኪጽግቡስ፡ ንሌዋውያን፡ ንስደተኛትን፡ ንዘኽታምን፡ ንመበለትን ሃቦም። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽኻ*

*ድማ በል፡ ኑቲ እተቐደሰ ካብ ቤተይ ኣውጺኤ ከምቲ ዝኣዘዝካኒ፡ ኹሉ ትእዛዝካ፡ ንሌዋውያንን ንስደተኛን ንዘኽታምን ንመበለትን ሃብኩ፡ ካብ ትእዛዛትካ ገለ እኳ ኣየፍረስኩን፡ ኣይረሳዕኩንውን። ኣብ ጓህየይ ካብኡ ኣይበላዕኩን፡ ዘይንጹህ ከለኹ ከኣ ካብኡ ኣየውጻእኩን፡ ንገለ ምውትውን ካብኡ ኣይሃብኩን (ኣብ ዘይግባእ ኣየውዓልኩን) ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ሰማዕኩ፡ ብዅሉ ነገር ድማ ከምቲ ዝኣዘዝካኒ ገበርኩ።" ዘዳ 20፥12-14*

*"ካብቲ ቅዱስ ማሕደርካ፡ ካብ ሰማይ ጠምት እሞ፡ ንህዝብኻ እስራኤልን፡ ነታ ከምቲ ነቦታትና ዝመሓልካሎም፡ ንኣና ዝሃብካና ምድርን ጸባን መዓርን እተውሕዝ ምድሪ ባርኽ።"* ዘዳ 26፥12-15

ካብዚ እንመሃሮ እንተ ኣሎ እቲ ካባና ዝድለ ንምግባር እሙናት ክይኰንና ጸሎትና ኣይምለስን፡ ካብ እግዚኣብሄር ድማ በረኸት ክንጽበ ኣይንኽእልን ኢና። እንተ ዘይኮነ ግን ንእግዚኣብሄር ብጸሎትና ክይነኹርዮ፡ ንሕና ድማ ጊዜና ብኸንቱ ክይነጥፍእ ነስተውዕል።